ምዕራፍ 21

ቴይለር ንማርጎ ናብ ሬድ ማዕከል ሕክምና ኣእምሮ ዘሰጋግራ ወረቓቕቲ ፈሪሙ ኣሎ። ዝተፈረመሉ ወረቐት ኣብ ግብሪ ንኽውዕል ሰለስተ ናይ ስነ-ኣእምሮ ክኢላታት ሕክምናዊ ረድኤት ከም ዘድልያ ከረጋገጹ ከም ዘለዎም ይፈልጥ እኳ ተኾነ ንድሌቱ ዘማልኡ ሰብ ሞያ ንምርካብ ከምዘይጽገም ግን ርግጸኛ'ዩ።

** ** **

ንኹሉ ምንቅስቓሳቱ ድሕሪ ምውጣን ዝኾነ ኣንፋቲ ምልክት ከም ዘይሓደገ ተገንዘበ። *ዲሚትሪ ካሚኒሰኪ ናብ ኣውሰትራልያ ከም ዝጠፍእ ገይረዮ፡ ማርጎ ፖዝነር ኣብቲ ዝግበኣ ጉሓፍ ጉሒፈያ ...* ኩርዓት እንዳተሰምየ ክሓስብ ጀመረ። *... እቲ ተሪፉ ዘሎ ናይ ሃል ቤከር ነገር እዩ፡ ናቱ ከኣ ጸገም ዘለዎ ኣይኮነን። ዝተረፈ ዕድሚኡ ካብ ዝፈትዎም ሰድርኡ ተፈልዩ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ካብ ዘሕልፎ ሚሰጢር ዓቒቡ ምንባር ይሕሸ።*

ኩሉ ነገር ብዝደልዮ መንገዲ ከይዱሉ'ሎ።

ከምታ ድልየተይ ኩሉ ነገር መፈጺሙኡ ምስ ረኸበ ናብ ቺካጎ ብቁልጡፍ ተመሊሰ ንሊም ካብ ጀርመን ከምጽኦ እየ። ምናልባት እውን እንተ ደኣ ኩነታት እታ ደሴት ጥዒሙና ኣብ ደሴት ቅዱስ-ትሮፔዝ ንክልቴና ዝኸውን ገዛ ይገዝእ ይኸውን .... ቢታ ሓዳሽ መርከቢይ ጌርና ንመሉእ ዓለም ክንዞራ ኢና። ከተማ ቬኒስ ወትሩ ምስ በሃግክዋየ .. ከምኡ'ውን ፓሲታኖ ... እ ... ካፕሪ ... ብሓንሳብ ወላ ናብ ሳፋሪ ኬንያ፡ ታጅመሓል ናይ ህንድን ክንበጽሕ ኢና ... ነዚ ኩሉ ሸሻይ ዘምጸኣለይ ኣቦይ ደየ ክምርቅ ወይስ ..?!! እዚ ኣረጊት ይመስሎ ነይሩ እንበር ኣነየ ኣብ መወዳእታ ኣብ ልዕሊኡ ኮይነ ዝሰሕቕ ዘለኹ።

ቴይለር ናይ ድራር ሰዓት ብምእኻሉ ንሓሳቡ ኣመንግዩ ናብቶም ኣብ ታሕተዋይ ደርቢ እቲ ቪላ ኮይኖም ዝጽበይዎ ዘለዉ ኣሕዋቱ ኣምረሐ።

** ** **

“ናይ ጁልያ ነገር ግን ... ኣብ ከምዚ ዓይነት ኣጋጣሚ ምሳና ከይትኸውን ሃንደበት ዓርካ ብምሕማሙ የሕዚናትኒ” በለት ካንደል። “ጽቡቕ ገይረ ተዝላለያስ ደስ ምበለኒ ነይሩ”

“ንሳ’ውን ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ንክትምለስ ከም ትህንጠ ርግጸኛ እየ” በለ ማርክ ናብ ሰበይቱ እንዳጠመተ።

ኣይተጋገሻን .... በለ ቴይለር ብልቡ። ... እንተሾነ ተሪፈናኣ ንዘለዋ ዕድመ ኣብ እንዳ ጽሉላት ከም እተሕልፈን ሰለ ዝገብራ ዝርእያ ኣይክህልውን እዩ ... ለዋህ ትጽቢቶም ኣገሪምዎ ፍሸኽ በለ።

ኣርእስቲ ተቀይሩ ብዛዕባ መጻኢኡም ክዕልሉ ጀመሩ።

“ዉዲ ብዙሓት ድንኪ ኣፍራስ ክገዝእ እዩ” በለት ፔጊ ሕፍረት እንዳተሰምዓ።

“ብዙሓት ኣይበሃልን እዩ!!” ዉዲ ናብ ፔጊ ብምጥማት ተቆጢዑ ተዛረባ። “ጽምድታት ኣፍራስ ... ከምኡ ምባል ትስእኒ?”

“ኣይትሓዘለይ ዉዲ ... ስለዘይፈለጥክዎ ...”

“ደሓን ረስዕዮ ጥራይ!!” ገንጨርጨር እንዳበለ መለሰላ።

“እንታይ እዩ ናይ መጻኢ መደባትኪ?” ቴይለር ንካንደል ሓተታ።

‘ኣብ ንጥፈታት ማሕበርና ዘሎኪ ተገዳስነት እንዳድነቕና ከኣ መርኣያ ተወሳኺ ግብረ-ሰናይ ተግባራትኪ ዝሽውን ናይ ሓደ ሚልዮን ዶላር .... ኣብ ውሽጢ እዘን ዓሰርተ መዓልታት’ ... ካንደል ንዘንበበታ ደብዳቤ ዘከረት።

“ካንደል?” ቴይለር መሊሱ ሓተታ።

“አው!! ... እ ... ንስርሐይ መሊሰ ኣማዕቢለ ኣብ ለንደን ከምኡ’ውን ፓሪስ ዓበይቲ ናይ ክዳውንቲ መሸጣ ድኳናት ክኸፍት እየ ዝሓስብ ዘለኹ”

“ቅኑዕ ሓሳብ እዩ ዘሎኪ” በለታ ፔጊ።

“ድሕሪ ክልተ ሰሙን ኣብ ኒው-ዮርክ ምርኢት ከቕርብ እየ። ስለዚ ድሕሪ ቅሩብ መዓልታት ናብ ኒው-ዮርክ ተመሊሰ ምድላዋተይ ክጅምር ወሲነ ኣለኹ” ድሕሪ ምባል ካንደል ንቴይለር ጠሚታ “ንስኻ’ከ ንብጽሒትካ እንታይ ክትገብረሉ ትሓስብ ኣለኻ?” ብምባል ሓተተቶ።

ቴይለር ፍሽኽ ኢሉ “ንግብረ ሰናይ ክውዕሎ’የ። ብዙሓት ሰናይ ተግባር ዝፍጽማ ትካላት እንድየን ዘለዋ ንዓታተን ብገንዘበይ ክሕግዘን እየ” ብምባል እንዳተላገጸ መለሰላ።

ካንደል ብመልሲ ሓዋ ተገሪማ ፍሽኽ ድሕሪ ምባል፡ ቆላሕታኣ ናብቶም ካልኦት ገይራ ዕላል ከፊተት። ቴይለር ደሚቹ ንዘሎ ዕላል ስድራ ብፍርቂ ልቡ ክሰምዖ ጀመረ። ኣብ ቀረባ መጻኢ ንዝጽበዮ ዘሎ ደስታ ዘኪሩ ብቕትሩ ኣብ ናይ ሕልሚ ዓለም ኣተወ። መጻኢ ህይወቱ ብሓጎስ ዝተመልአ ኮይኑ ተራኣዮ። ነቶም ኣብ ቅድሚኡ ኮፍ ኢሎም ዘለዉ ኣሕዋቱ ጠመቶም … *ሳላይ እንበር ሳንቲም እውን ትሹን ኣይምረኽብኩምን ኔርኩም። ሳንቲም እውን!!* … ብምባል ብልቡ ተጀሃረ።

.. *ሃንደበት ተንሲኡ ‘ንስታንፎርድ ኢንተርፕራይዝ ዘቆጻጸሮ በዓለይ እየ። ንኣቦና ከኣ ኣነ’የ ቍቲለዮ። ንሬሰኡ ከም ዝፈሓር ገይረ፡ ርኢናያ ንዘይንፈልጥ ሓፍትና ኣምሲላ ትዋሳእ ደንቆሮ ቆጺረ’ ኢለ ተዝነግሮም እንታይ ምሾኑ??* … ዝብል ሕቶ ኣብ ሓሳቡ ምስ መጽኡ ናይ የሕዋቱ ስንባደ ከመይ ከም ዝመስል ስለ ዝተራእዮ ክስሕቅ እኳ ተደለየ ውሒጥዎ ሱቅ በለ።

** ** **

ድሕሪ ድራር ቴይለር ናብ መደቀሲ ክፍሉ ደይቡ ንሊም ደወለሉ። ንጻውዒት ዘልዕል ግን ኣይነበረን። … *ክሳብ ሕጂ ብዛዕባ’ቲ መርከብ ኣይኣመነንን ማለት ድዩ? ከረጋግጸሉ እየ!! መጀመርታ ግን መዓሰ እዩ’ሽ እቲ ናይ ቤት-ፍርዲ መሰርሕ ዝውዳእ?! … ንፊትዝግራልድ ወይን ንመሳርሕቱ ሰቲቭ ደዊለ ቀልጢፎም ከሳልጡዎ መታን ክርብሾም ኣሎኒ።*

መዓጾ መደቀሲኡ ተኳሕኮሐ። ቴይለር ካብ ዝተጋደመሉ ዓራት ተንሲኡ ንማዕጾ ምስ ከፊተ ክለርክ ደው ኢሉ ጸንሐ።

“ይቕሬታ ክቡር ዳኛ … ደብዳቤ መጺኡካ ኣሎ”

ካብ ሌትዝ ፔርሲ እዩ ዝኸውን፡ ወግዓዊ ናይ እንቋዕ ሓንሰካ ደብዳቤ ሰዲዱለይ ማለት’ዩ …

“የቐንየለይ ክለርክ” ድሕሪ ምባል ደብዳቤኡ ተቀቢሉ ንማዕጾ መደቀሲ ክፍሉ ዓጸዎ። ኣድራሻ ሰዳዳይ ምስ ረኣየ ግን ዘይከም ግምቱ ካብ ከተማ ቺካጎ ዘይኮነ ካብ ከተማ ካንሳስ ዝተላእኸ ደብዳቤ ምኳኑ ተገንዘበ። ፍጹም ብዘይፈልጦ ሰዳዳይ ዝተጻሕፈ ደብዳቤ እንታይ ትሕዝቶ ክህልዎ ከም ዝኽእል ክግምት ብዘይምኽኣሉ ንካልኢታት ነታ ደብዳቤ ክጥምት ድሕሪ ምጽናሕ ከፊቱ ከንብቦ ጀመረ።

ዝኸበርካ ቴይለር

ብኣቦ ትብጽሓካ ጁልያ ስታንፎርድ ትበሃል ሓፍቲ ከም ዘላትካክትፈልጥ ዝግበኣካ ይመስለኒ። ካብ ኣቦኻን ኣዲኣ ሮዝሜሪ ነልሰን ዝተወልደት ሓፍትኻ ምኳና ርግጸኛ እየ። ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ከተማ ካንሳስ ትነብር ኣላ። ኣድራሽኣ ኣብ ጎደና ሜትካልፍ ቁጽሪ ኣፓርታማ 3B; ካንሳስ እዩ። ርግጸኛ’የ ጁልያ ኣብ ሓጺር ግዜ ካባኻ መልሲ እንተረኺባ ከምትሕጎስ።

ካብ መሓዛ ሓፍትኻ

ሳሊ

ቴይለር ብምሒር ስንባደ ኣብ ኢዱ ደብዳቤ ሒዙ ዓንዲ ጨው መሰለ።

“ክኸውን ኣይክእልን እዩ!!” ኣእወየ። “ኩሉ ነገር ምስ ኣሳለጥኩ ... ክኸውን ኣይክእልን እዩ!! ምናልባት ናይ ሓሶት ደብዳቤ ከይኾነ ኣይተርፍን እዩ” ቴይለር ነብሱ ንክጥብር’ኳ ተፈተነ ኣብ ኢዱ በጺሓ ዘላ ሓቐኛ ደብዳቤ ምኳና ገለ ነገር ክነግሮ ጀመረ። ... *እዛ ሸርሙጣ ኣብ ዝጸንሐት ጸኒሓ ንዝጸዓርኩሉ እጃመይ ክትማቀል ድያ ደልያ ዘላ?!! ... ሓሰበ። ... ብፍጹም!! እቲ ውርሻ ንዓኣ ኣይምልከትን እዩ። ናተይ እዩ!! ... ናብዚ ክትመጽእ ኣየፍቕደላን እየ። ንኩሉ መደባተይ ክተበላሸወለይ እያ። እንታይ ክገብር ኣሎኒ? .. ከእምና ክፍትን? .. ኖኖእ ብፍጹም!! ነቲ ሰጕምቲ ብቕልጡፍ ክወሰዶ ኣሎኒ።* .

ቴይለር እንታይ ክገብር ከም ዘለዎ ምስ ወሰነ ኣብ ጥቃ ዓራቱ ንዘላ ቴሌፎን ኣልዒሉ ንሃል ቤከር ደወለሉ።

** ** **

ምዕራፍ 22

ሓኪም ቆርበት ርእሱ እንዳነቕነቐ “ብዙሓት ከምዚ ናትካ ዝመሳሰል ናይ ቆርበት ሕማማት ዘለዎም ርእየ እኳ እንተኾንኩ ከም ናትካ ገይሩ ዘስግኣኒ ግን ኣጋጢሙኒ ኣይፈልጥን እዩ” በሎ።

ሃል ቤከር የሳሕዮ ንዘሎ ጸዓዳ-ኢዱ እንዳሓኸኸ ምስምዑ ቀጸለ።

“ቅድሚ ነቲ መርመራ ምክያደይ መንቀሊ እቲ ሰሓ እንታይ ክኸውን ይኽእል ብምባል ዝገመትኩዎም ጥርጣሬታት’ኳ ተነበሩ መርመራ ዝሃበና ውጽኢት ካብ ትጽቢት ወጻኢ ኮይኑ ረኺበዮ። ናይ ቆርበት ሳንፐልካ ብማይክሮስኮፕ ከምዝረኣናዮ እንተኾይኑ ጸገምካ ናይ ፋንጋስ እንበር ናይ ኣለርጂ ወይ ቁጥዐ ከም ዘይኮነ ተረዲአ’ለኹ። ግን ሓንቲ ሕቶ ክሓተካ እስኪ፡ ምስ ዝኾነ ኬሚካላት ዝተኣሳሰር ስራሕ ኣሎካ’ዶ?”

“ኬሚካላት ሒዘ ኣይፈልጥን እየ ዶክተር”

“ከምኡ እንተኾይኑ ነቲ ምናልባት ምስ ኬሚካላት ዝተኣሳሰር ኣለርጂ ከይህልወካ ዝገመትክዎ ጥርጣረ ኣወንዚፈዮ ኣለኹ። ስለዚ ሃል ጸገምካ ናይ ፋንገስ ኮይኑ ሊችንስ-ሲምፕለክስ ዝበሃል ናይ ቆርበት ሕማም ጌርካ ኣለኻ። ምናልባት ትፈልጦም እንተኾይንካ ሊችንስ ኣብ ጥሉል ኣኻውሕን መንደቅን እዮም ዝዓብዩ .... ብዝኾነ እቲ ዘገድስ ሕማምካ ኣነጺርና ምፍላጥና እዩ”

“ካብ ስሙስ ሓደገኛ ሕማም ይመስል። መድሃኒት’ከ ኣለዎ ድዩ?”

“መድሓኒቱስ ኣሎኒ” ዶክተር ኮፍ ኢሉሉ ካብ ዝጸንሐ ተንሲኡ ኣብ ኩርናዕ ቤት-ጽሕፈቱ ካብ ዝነበረ ንእሽቶ ተመዛዚት ሓንቲ ባኮ ኣውጸአ። “የሳሕየካ ኣሎ ድዩ ሕጂ?” ሓተቶ።

ሃል ሕቶ ዶክተር መሊሱ ንጸዓዳ ኢዱ ከም ዝሓክኽ ገበሮ። “እወ ... ምሒር ቀጭቀጭ እዩ ዘብለኒ ዘሎ”

“በል ነዚ ክሬም ኣብ ኢድካ ድረዞ” ብምባል ዶክተር ኣብ ውሽጢ ባኮ ንዝጸንሐ መድሃኒት ኣውጺኡ ሃቦ። “ቀንዲ ኣብቲ ዘሳሕየካ ቦታ ኢኻ ትደርዞ”

ሃል ንጸዓዳ ኢዱ ካብ ዝተዋሃቦ ክሬም ክለኽዮ ጀመረ። ሸዑ ንሸዑ እቲ ለውጢ ተፈለጦ “ዶክተር እቲ ዘሕክኸኒ .. እዋእ ይገርም እዩ ወላ እቲ ቀጭቀጭ ዘብለኒ ገዲፉኒ!!” እፎይታ ብምርካቡ ብጣዕሚ ተሓጎሰ።

“ጽቡቕ ... ኣብ ዘሳሕየካ ግዜ ተጠቕመሉ”

“የቕንየለይ ዶክተር ... ናይ ብሓቂ ዓቢ ሩፍታ ኢኻ ሂብካኒ”

“ካልኦት ዝውሰዱ መድሃኒታት ኣለዉ ገዚእካ ንክትጥቀመሎም ክጽሕፈልካ እየ”

“የቕንየለይ ዶክተር!!”

** ** **

ሃል ካብ ምሒር ታሕጓስ፡ ኣብ መኪንኡ ምስ ዝኸፈታ ደርፊ ዓው ኢሉ እንዳደረፈ ናብ ገዝኡ ኣምረሐ። ንቴይለር ድሕሪ ምልላዩ ንመጀመርታ ግዜ ሳላ ዶክተር ሳሓ ዕረፍቲ ሂብዎ ኣሎ። ሃል እፎይታ ተሰምዖ። ንመኪንኡ ድሕሪ ምዕሻግ ናብ ውሽጢ ገዛ ኣተወ። በዓልቲ ቤቱ ተሃንጥያ ክትጽበዮ ጸንሐት።

“ቴሌፎን ተደዊሉልካ ነይሩ ሃል .. ኣቶ ጆንስ እየ ዝበሃል ኢሉኒ። ብኣዝዩ ህጹጽን ኣገዳሲን ጉዳይ ከም ዝደለየካ ‘ንገርዮ ኢሉኒ ...”

ሃል ገና ሰበይቱ ዘረብኣ ከይወድኦት ሩፍታ ሂብዎ ዝጸንሐ ሳሓ ዳግማይ ጀመሮ።

** ** **

ገበናት ክፍጽም ዝተገደደ ንስድርኡ ክጸውር ስለ ዝደለየ እዩ። እንተኾነ ሃል ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ዝተራቐቐ ገበን ኢዱ የእትዩ ክጨማለቅ ድሌቱ ኣይነበረን። እሞ ከኣ ቀታሊ ሰብ ክኸውን ብፍጹም ኣይደልይን እዩ።

“ከምኡ ክገብር ኣይክእልን እየ ክቡር ዳኛ ... ካልእ ሰብ ተቆጸርካ ይሕሸካ”

ሃል ድሕሪ እዛ ቃሉ፡ ካብ ቴይለር ንካልኢታት መልሲ ከይሰምዐ ጸንሐ። ጽሕሪ ሓጺር ትጽቢት “ስድራኻ ከመይ ኣለዉ?” በሎ ከምዛ ብኣታቶም ዝሓስብን ዝጭነቕን። እንታይ ንከነጽረሉ ቴይለር ከምኡ ኢሉ ሓቲትዎ ስለዝፈለጠ ሃል ኣማራጺ ሰኣነ።

** ** **

ናብ ከተማ ካንሳስ ዝገበሮ በረራ ብኹለንተንኡ ዘቕስን ኣይነበረን። ተገዲዱ ንትእዛዙ ከተግብረሉ ምስ ተሰማምየ ቴይለር ነቲ ቅትለት ንክፍጽሞ ዘድልዮ ዘበለ ሓበሬታ ኣስኒቁዎ ኣሎ። *ሰማ ጆልያ ሰታንፎርድ ይበሃል። ኣድራሸኣን ናይ መንበሪ ኣፓርትመንት ቁጽራን ነጊረካ ኣለኹ። ከማኻ ዝኣመሰለ ጋሻ ሰለዘይትጸበ ከምቲ ዝበልኩኻ ሬርካ ጥራይ ውጻእ'*

ካብ መዓልቦ ነፈርቲ ካንሳስ ታክሲ ተሰቒሉ ናብ ማእከል ከተማ ገጹ ኣምረሐ።

“ፍስሃ ዝህብ መዓልቲ'ዩ ሓቀይ?” በሎ በዓል ታክሲ።

“እወ”

“ካበይ ኢኻ መጺእካ?”

“ካብ ኒው-ዮርክ ... ኣብዚ'የ ግን ዝቕመጥ”

“ካንሳስ ናይ ብሓቂ ክትነብረላ እተብህግ ከተማ'ያ”

“ብሓቒ!! ... እ .. ገዛይ ከማዓራርዮ ደልየ ንብረት ገዛ ዝሸየጠሉ መኽዘን'ዶ ተብጽሓኒ?”

“ሕራይ!!”

ድሕሪ ሓሙሽተ ደቓይቕ በዓል ታክሲ ኣብቲ ዝበሎ ምስ ኣውረዶ ናብ ውሽጢ መኽዘን ኣተወ።

“ካራ ደልየ ነይረ” ሃል ቤከር ኣብ ካውንተር ንዝጸንሐ ተረኛ ተወከሶ።

“ብዙሕ ዓይነት እዩ ዘሎና ... ከምርጸካ ስዓበኒ” ተረኛ መሪሕዎ ንቕድሚት ሰጎመ። ዓሰርተ-ሓሙሽተ ሴንቲ-ሜትር ዝንውሑ ጫፋ ኣዝዩ በሊሕን መጋዛዊ ኣሰራርሓ ዘለዎን ካራ ኣልዒሉ ኣርኣዮ። “እዚኣ ከመይ?”

“ጽብቕቲ” መለሰ ሃል።

“ብኽመይ ኣገባብ ኢኻ ክትኽፍል?” ሓተቶ ተረኛ።

“ብጥረ-ገንዘብ”

ሃል ከፊሉ ምስ ወጽአ ናብ እንዳ ስቴሺነሪ ኣምረሐ።

** ** **

ኣብ ጎደና ሜትካልፍ ንዝርከብ ኣፓርታማ ንሓሙሽተ ደቓይቕ ዝኸውን ተዓዘቦ። ንመውጽእን መእተውን ከምኡ'ውን ጸጥታ እቲ ከባቢ ድሕሪ ምጽናዕ፡ ምሸት ሰዓት ሸሞንተ ደጊሙ ተመልሰ። .... *ጆልያ ሲታንፎርድ እንተድኣ ሰራሕ ትሰርሕ ኮይና ኣብዚ ግዜ'ዚ ድሮ ገዝኣ ተመሊሳ ክትከውን ኣለዋ* ... በለ ሃል ብሓሳቡ ናብቲ ህንጻ ንክኣቱ ጽርግያ እንዳተሳገረ። በታ ንግሆ ዝተዓዘባ ሓላዊ ዘይብላ መእተዊ ኣትዩ፡ ንሊፍት ሓዲጉ ኣስካላ ብምጥቃም ኣብ ሳልሳይ ደርቢ በጽሐ። ንካራ ምምዛዝ ከም ዝጥዕሞ ገይሩ ኣብ ጃኬቱ ምቕማጡ ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ኣብ መዓጾ ክፍሊ 3B ተጸገዐ። ደወል መዓጾ ጠወቀ። መዓጾ ተኸፊቱ ምልክዕቲ ጓል ኣብ ቅድሚኡ ጠጠው ኢላ ረኣየ።

"ሰላም" ፍሽኽ ኢላ ሰላምታ ሃበቶ። "እንታይ ነይሩ?"

ካብ ዝገመታ ዕድመ ንታሕቲ ኮይና እያ ጸኒሓቶ። ቴይለር ንኽምዚኣ ዝኣመሰለት ጽብቕቲ ንምንታይ ክቕትላ ከም ዝደለየ ኣጨነቆ። .... *ናተይ ጉዳይ ኣይኮነን፡ ትእዛዝ እዩ* ... በለ መሊሱ ብሓስቡ። ካብ ጅቡኡ ንእሽቶ ናይ ስራሕ ካርድ ኣውጺኡ ኣረከባ።

"ሰራሕተኛ ኔይልሰን ካምፓኒ እየ" በላ ሃል ብትሕትና "ኣብ ናይ ቴሌቭዥን ፕሮግራማት ገምጋማዊ ስራሕ ክንሰርሕ ስለዝደለና፡ ክተሓባበሩና ንዝደልዩ ተኸታተልቲ ቴሌቭዥን ኢና ነጣይቅ ዘለና"

ሃል ርእሳ ክትንቅንቕ ተዓዘበ። "ብወገነይ ፍቃደኛ ኣይኮንኩን ... የቕንየለይ ግን" ኢላቶ መዕጾ ክትዓጽዎ ጀመረት።

"ንወለንታውያን ኣብ ሰሙን ሚእቲ ዶላር ኢና ንኽፍል"

ክዕጾ ዝጀመረ ማዕጾ'ቲ ክፍሊ ኣብ ፍርቂ ደው በለ።

"ኣብ ሰሙን ሚእቲ ዶላር?"

"እወ"

ማዕጾ ሙሉእ ንሙሉእ ተኸፍተ።

"ፍቓደኛ እንተኾይንኪ፡ ካባኺ ንደልዮ እንተሎ ብኣጋጣሚ ትርእዮም ወይ ክትዘናግዒ ምስ እትደልዩ ትመርጽዮም መደባት እንተልዮም ምሕባር ጥራይ እዩ። ከምኡ እንተጌርኪ ናይ ዓመት ውዕል ምሳኺ ክንኣቱ ንኽእል ኢና"

ዓመት!! ... ሓሙሽተ ሺሕ ዶላር ማለትʼዩ!! ... ብሓሳባ ገምገመት። “እቶ” ካብ ኣፍደገ መዓጸ ተኣለየትሉ።

“ኮፍ በል እ ... መን ክብል እሞ ስምካ?”

“ኣቶ ኣለን ይበሃል። ስመይ ጂሚ ኣለን እዩ”

“ኣቶ ኣለን ... ብኽመይ ግን ክትመርጸኒ ክኢልካ?”

“ብሃውሪ ... ማለት ትካልና ነዚ መጽናዕቲ ከካይድ ምስ ወሰነ ዝመርጾም ሰባት ብዕድል ክኾኑ እዩ ወሲኑ። ግን እዚ ክኽውን ከሎ፡ ንመርጾም ሰባት ናይ ዝኾነ መደበር ቴሌቭዥን ሰራሕተኛታት ወይ ብዓቢኡ ኣዳለውቲ መደብ ክኾኑ ከም ዘይብሎም ተሰማሚዕና ኣለና። ምኽንያቱ፡ ጸብጻብና ብኣድልዎ ዝዘንበዐ ርእይቶታት ብምእካብ ዝተዳለወ ክኽውን ስለዘይንደሊ። ምስ ዝኾነ ናይ ቴሌቭዥን መደበራት ወይ መደባት ቴሌቭዥን ርክብ የብልካን ሓቀይ?”

“ኖኖእ!! የብለይን” በለቶ ፍሽኽታ ከይፈለየት። “ግን ከመይ ጌይረ እየ ከም ድሌትኩም ጸብጻብ ክህበኩም ዝኽእል?”

“ቀሊልʼዩ። ዝርዝር ናይ ቴሌቭዥን ፕሮግራማት ዘለዎ ወረቐት ክንህበኪ ኢና። ንስኺ ጥራይ ዝኾነ ሰሓቢ ፕሮግራም ኣብ ዝረኣኽሉ፡ ኣብ ንህበኪ ወረቐት ስም እቲ መደብ ምምዝጋብ ጥራይ እዩ ስራሕኪ። ከማኺ ዝኣመሰሉ ወለንተኛታት ተሓባበርቲ ኣብ ኩሉ ግዝኣታት ኣሜሪካ ስለ ዘለውና፡ ኣብ መወዳእታ ዓመት ንወረቓቐቶም ኣኪብና ኢና ንመጽናዕታዊ ጸብጻብና ንሰርሖ። ተረዲኡኪ?”

“እወ!!”

ሃል ካብ ጁቡኡ ፎርምን ፒሮን ብምውጻእ ክሓታ ጀመረ። “ኣብ መዓልቲ ንክንደይ ሰዓታት ዝኸውን መደባት ቴሌቭዥን ትከታተሊ?”

“ብዙሕ ሰዓታት እኳ ኣይርእይን እየ፡ ምኽንያቱ ሙሉእ መዓልቲ ስራሕ እየ ዝውዕል”

“መደባት ቴሌቭዝን ግን ትከታተሊ ኢኺ”

“እወ ... ምርኣይስ ይርእይ እየ። ካብ ስራሕ ምስ መጻእኩ ዜና ይከታተል እየ፡ ናይ ቀዳም ፊልምታት ምክትታል ከኣ እፈቱ እየ። ኣብ ቴሌቭዥን ካብ ዝረኣኽዎም ፊልምታት ሌሪ-ኪንግ ትብል ፈጺመ ኣይርስዓን እየ”

ሃል ካብ ስቴሺነሪ ኣብ ዝዓደጎ ፎርም ክጽሕፍ ጀመረ። “ትምህርታዊ መደባት ዝፍንዋ መደበራት ቴሌቭዥን ትከታተሊ’ዶ?”

“ሰንበት ናይ ፒ.ቢ.ኤስ ቲቪ መደባት ይከታተል እየ”

“ዝረሳዕክዎ’ባ ... ምሳኺ ኮይኑ ቴሌቭዥን ዝከታተል ሰብ ኣሎ ድዩ?”

“መዳቕስተይ ኣላትኒ ... ክትሓታ ደሊኻ? ኣብዚ ገዛ ግን የላን”

ግርም!! እንበኣር በይንኺ ኢኺ ዘለኺ ... ሃል ምቕራብ ናይቲ ቀጺሉ ዝወስዶ ስጉምቲ ምስ ተረድኦ ኣብ ጻዕዳ ኢዱ ሰሓ ክገብረሉ ጀመረ። ንኢዱ ናብ ጃኬቱ ለኣኸ። እንተኾነ ብድሕሪ መዓጾ ኣትይዎ ዘሎ ገዛ ድምጺ ሰብ ብምስምዑ ንኢዱ ተቐላጢፉ ካብ ጃኬቱ ኣውጸኦ።

“ነዚ ብምግባረይ ኣብ ዓመት ሓሙሽተ ሺሕ ዶላር ክረክብ እየ ማለትካ ድዩ?”

“እ ... እወ። ይቕሬታ ዝረሳዕክዎ’ሎ። ብጀካ እቲ ናይ ሓሙሽተ ሺሕ ዶላር ክፍሊት፡ ትካልና ኣብ መወዳእታ ዓመት ሕብራዊት ቴሌቭዥን ከም ህያብ እውን ክህብ እዩ”

“ዘደንቕ’ዩ!!”

ክሰምዖ ዝጸንሐ ድምጺ ሰብ እንዳረሓቀ ይኸይድ ከም ዘሎ ኣስተብሃለ። ንኢዱ እንደገና ናብ ጃኬቱ ልኢኹ ንካራ ጨበጠ። “ዝስተ ማይ’ዶ ከምጽኣልካ?”

“ሕራይ” ዝብል ሓጺር መልሲ ምስ ሃባ ተንሲኣ ኣብ ኩርናዕ ናይቲ ክፍሊ ናብ ዝርከብ ፍሪጅ ገጻ ኣምረሐት። ሃል ቤከር ካብ ጃኬቱ ካራ ኣውጺኡ ካብ ኮፍ ዝበለሉ ተንሲኡ ቀስ ኢሉ ድድሕሪኣ ክስዕብ ጀመረ።

“መዳቕስተይ እያ ግን ልዕለይ ንመደባት ፒ.ቢ.ኤስ ትከታተል” ንድሕሪት ከይተጠውየት ተዛረበት።

ሃል ብድሕሪኣ ኮይኑ ካራ ንዝሓዘ ኢዱ ኣልዒሉ ክወግኣ ተዳለወ።

“ካባይ ጁልያ እያ ምህርቲ”

ሃል ሰንቢዱ ካራ ንዝሓዘ ኢዱ ከየውረደ ደሪቁ ተረፈ። “ጁልያ?!!”

“እወ ... መዳቕስተይ ዝበልኩኻ ወይ ዝነበረት’ዶ ማለት ይሓይሽ። ሕጂ የላን ከይዳ’ያ። ወጺኣ ጸኒሐ ናብ ገዛ ምስ ተመለስኩ ኣጋጣሚ

ሓሲባቶ እያ ትኸውን መስለኒ ከም ዝኸደት ዝነግር ወረቐታ ጥራይ ጸኒሑኒ። ናብዚ ከይዳ ከይበለትኒ ....." ብኬሪ ማይ ሒዛ ምስ ተጠወየት ካራ ሒዙ ኣብ ኣየር ደሪቁ ንዘሎ ኢዱ ተመልከተት። "እንታይ ... ??"

ብኣውያት ንገዛ ነቐነቐቶ።

ሃል ዓንደፍደፍ እንዳበለ ካብቲ ገዛ ብጉያ ወጸ።

** ** **

ንዘጋጠሞ ክነግር ናብ ቴይለር ደወለ። "ኣብ ከተማ ካንሳስ እየ ዘለኹ ግን እታ ጓል የላን"

"እንታይ ማለትካ'ዩ የላን?"

"መዳቐስታ ከም ዘየላ ነጊራትኒ"

ቴይለር መልሲ ከይሃቦ ንካልኢታት ትም ኢሉ ሓሰበ። "ናብዚ ናብ ቦስተን ከይመጽኣት ኣይትተርፍን እያ። ቀልጢፍካ ምጻእ ናብዚ"

"ሕራይ"

ቴይለር ብምሒር ሕርቃን እንዳንፈጥፈጠ ቴሌፎን ብሓይሊ ዓጸዋ። .... *ኩሉ ነገር ጽቡቕ'ዩ ክኸይድ ጸኒሑ!!* ... ሓሰበ። ጁልያ ቀልጢፋ ክትጠፍኣሉ ኣለዋ። ናይ ቤት-ፍርዲ መስርሕ ተዛዚሙ ከም ሓሳቡ ወናኒ ስታንፎርድ ኢንተርፕራይዝ'ውን እንተኾነ እዛ ሰብ ተዘይጠፈኣ ሰላሙ ትዘርግ ፍጥረት ከም እትኸውን ርግጸኛ'ዩ። .... *ቅድሚ ዝኾነ ነገር ምግባራ፡ ኣነ'ውን ብሰንካ ምክሸሐይ ተቐላጢፈ ክረኽባ ኣሎኒ?* .... ወሰነ። ... *ክረኽባ እም ኣሎኒ!! .. ግን ኣበይ እየ መጀመርታ ክርኢ?*

ክለርክ ናብ መደቀሲ ክፍሉ ኣተወ።

"ይቕሬታ ቴይለር .... ወይዘሪት ጁልያ ስታንፎርድ ትበሃል ንዓኻ ደልያ መጺኣ ኣላ"

** ** **

ምዕራፍ 23

ጁልያ፡ ሳላ ካንደል እያ ናብ ቦስተን ክትመጽእ ዝተደፋፍአት። ተመሲሓ ናብ ስርሓ ኣንዳተመለሰት እንከላ ኣብ ሓደ ፍሉጥ እንዳ ቡቲክ ተሰቒሎም ዝረኣየቶም ክዳውንቲ ብሓፍታ ካንደል ዲዛይን ዝተገብሩ ምኻኖም ዝተዓዘበት። ... *ሓፍተይ እያ ሰሪሓቶ* ... ከይተረድኣ ሓበን ተሰምዓ። ... *ብሰንኪ ናይ ኣቦይ በደል ንሓፍተይ ኮነ ነሕዋተይ ወንጀለኛታት ክገብሮም የብለይን* ... ክትርእዮም በሃገት። ረኺባቶም ከዕልልዋ፡ እቲ ኩሉ ሕሉፍ ተረሲዑ ኣብ መወዳእታ ስድራ ዝኾንዋ የሕዋት ክትሓቁፍ ተራእያ።

ሽዓ መዓልቲ ምኻኑ'ዩ ናብ ስርሓ ምስ ኣተወት፡ ንማክ ቶልኪን ናይ ቁሩብ መዓልቲ ኣገዳሲ መገሻ ከምዘለዋ ኣመኻንያ ዕረፍቲ ክትወስድ ከም ዝደለየት ሓበረቶ። ቶልኪን ፍሽኽ እንዳበለ ብወገኖም ጸገም ከም ዘይብሉ ሓቢሩ ኣፍቐደላ።

ጽቡቕ ይገብር'ዶ ይህሉ ይኸውን? ... ሓሰበት ጁልያ። ... *ወይስ ዓቢ ጌጋ'የ ዝገብር ዘለኹ?*

** ** **

ፍቓድ ስራሕ ረኺባ ናብ ገዝኣ ምስ ተመልሰት ሳሊ ኣይጸንሓታን። ... *ክጽበያ ኣይክኣልን'የ!!* ... ወሰነት። *ሕጂ ተበጊሰ ከለኹ እንተዘይገይረዮ ደሓር ፈጺመ ኣይክኸይድን እየ*። ጁልያ ንጉዕዞ ዝኾና ንእሽቶ ባልጃ ጠርኒፋ ንሳሊ ኣብ ወረቐት መልእኽቲ ገዲፋትላ ካብ ገዝኣ ወጽኣት።

ናብ መዕረፊ ኣውቶቡስ እንዳመረሸት ከላ ተጻረርቲ ሓሳባት ክመላለስዋ ጀመሩ። *እንታይ እየ ዝገብር ዘለኹ? እንታይ ኮይነ'የ ከምዚ ዓይነት ሃንደበታዊ ውሳነ ዝወሰድ ዘለኹ?* ... ሓሰበት ... *ሃንደበት?!! ምኳን መዓሰ ሃንደበት ኮይኑ እዚ ውሳነ* ... *ዓሰርተ ኣርባዕተ ዓመት እዩ ወሲዱለይ!!* ... ካብ ላንጋላንጋ ዘድሓና ምኽንያት ብምርካባ እንዳተሓጎሰት ብሙሉእ ድሌት ናብ መዕረፊ ኣውቶቡስ ገጻ ገስገሰት። ከመይ ኮይኖም ይጸንሕዋ ይኾኑ? እቲ ዓቢ ሓዋ ዳኛ፡ እቲ

ካልኣይ ሓዋ ከኣ ውሩይ ናይ ፈረስ ቃርሳ ተጻዋታይ ምኻኖም ትፈልጥ እያ። እታ እንኮ ሓፍታ እውን ካብ ኣሕዋታ ከይሓመቐት ብልጽቲ ዲዛይነር ምኻና ብዝረኣየቶ ኣሚናትላ ኣላ። ... *ኩሎም ፍሉጣት ሰባት እዮም* ... በለት ምስነብሳ ክተዕልል ጀሚራ። *ንዓይ ጥራይ ከይንዕቁኒ።* ኩሉ ሓሳባ ናብቲ ቀጺሉ ከጋጥማ ዝኽእል እንበር ንድሕሪት ተመሊሳ መሪጻቶ ኣብ ዘላ ውሳነ ክኸውን ከም ዘይብሉ ንነብሳ ኣእሚና ናብ ከተማ ቦስተን ናብ ትነቅል ኣውቶቡስ ተሰቅለት።

** ** **

ነዊሕ ሰዓታት ድሕሪ ዝወሰደ ጉዕዞ፡ ኣብ መዕረፊ ኣውቶቡስ ቦስተን ምስ በጽሐት ታክሲ ተሰቅለት።

“ናበይ ኢኺ ወይዘሪት?” ብምባል በዓል ታክሲ ሓተታ።

ጁልያ ምርግጋእ ስኢና ኣድህቦኣ ኣጥፊኣት። ናብ ሮዝ-ሂልስ ክትብሎ’ኳ ሓሲባ ተነበረት፡ ገለ ዘይተረድኣ ኩነታታ “እንድዒ” ዝብል መልሲ ከም ትህብ ገበራ።

በዓል ታክሲ ብዝሰምዖ መልሲ ተገሪሙ፡ ተጠውዩ ብድሕሪኡ ንዘላ መንእሰይ ጠመታ። “እዛ ሓፍተይ ኣነ’ውን ከይነገርክኒ ናበይ ከም ዝኸይድ ኣይፈልጥን እየ”

“ደሓን ናብ ማእከል ከተማ ወሲድካ ኣዛውረኒ። ቦስተን ንመጀመርታይ እየ ዝመጽእ ዘለኹ”

ኣውቲስታ ርእሱ ብኣወንታ ነቕነቐ።

ታክሲ ናብ ማእከል ከተማ ገጻ ኣተወት። ናብ ምዕራባዊ ሸነክ እታ ከተማ ብምቕናዕ ንጎደና ሳመር ሓሊፎም ኣብ ፓርክ ቦስተን-ኮመን በጽሑ።

“እዚ ትርእዮ ዘለኺ ካብ ሙሉእ ኣሜሪካ ብዕድመ ዝነውሐ ዓመታት ዝገበረ ህዝባዊ መናፈሻ እዩ። ቀደም ግን ኣብዚ ቦታ እዮም ገበነኛታት ብማሕነቕቲ መቅጻዕቶም ዝቕበሉ ዝነበሩ” ብምባል በዓል ታክሲ ምስ ገለጸላ ጅልያ ኣዲኣ ተዕልላ ንዝነበረት ዘከረት ... *ንቶም ቆልዑ ከዘናግዖም ናብ ኮመንስ ይወስዶም ነይረ። ካብ ኩሎም ዝወዳየ ዉዲ እዩ፡ ብተፈጥርኡ ኣትሌት እዩ። ኣበይ እም .. ተትፈልጥዮ ደስ ምበለኒ ነይሩ። ናይ ብሓቂ ምጩው እዩ። ካብቶም ካልኦት ንመጻኢ*

ህይወቱ ዕዉት ዝኾውን ንሱ እዩ እየ ዝብል ...’ ድምጺ ኣዲኣ ልክዕ ኣብ ጥቃኣ ኮፍ ኢላ ከም ተዕልላ ዘላ ነጺሩ ኣብ ሓንጎላ ኣቃልሐ።

ጉዕዞኣም ቀጺሎም ኣብ ጎደና ቻርለስ በጽሑ። ኣብ ቅድሚኦም ኣዲኣ ኣዕሊላታ ናብ ዝነበረት ህዝባዊ መናፈሻ ዘእትዋ መዓጾ ተመልከተት። ኣውቲስታ ኣብ ውሽጢ መናፈሻ ኣብ ዝርከብ ቀላይ ናብ ዝነበሩ ማይደርሆታት እንዳመልከተ “እዘን ማይደርሆ ትርእየን ኣለኺ? ... ኣይክትኣምንን ኢኺ ብሙሉአን ነናተን መጸውዒ ስም ኣለወን”

‘ምስ ሰለስቲኦም ብሓንሳብ ናብቲ መናፈሻ ንኸይድ ነይርና። ኣብ መእተዊ ናይቲ መናፈሻ ዝርከብ ንእሽቶ ቀላይ ባህ ዝብላኻ ማይ ደርሁ ኣለዋ። ኩላተን ነናተን ስም ኣለወን ክገርመኪ። ኣስማተን ካብ ዝውጽእኦ ድምጺ እንድዩ ተዋሂብወን ንክተጽንዖ ቀሊል እዩ። ጃክ፡ ካክ፡ ላክ፡ ማክ፡ ናክ፡ ክዋክ፡ ፓክ ... እ ... ከምኡ’ውን ኣውክ ይዝከሮም እየ ርኢኺ’ ... ጁልያ ኣስማቶም ኣስሒቅዋ እንደገና ንኽትነግራ ንኣዲኣ ክትልምና ከላ ተዘከራ።

ዋጋ ኣገልግሎት ትሕብር ንዘላ ኤሌክትሮኒካዊት መሳርሒት ምስ ረኣየት ሕሳባ ይውስኽ ከም ዘሎ ተረደአት። “ክቡር ናብ ዘይኮነ ሆቴል’ዶ ምወሰድካኒ?”

“... ናብ ኮፕለይ-ስኩዌር ሆቴል ክወስደኪ’ዶ?”

“ግርም ኣብኡ ኣብጽሓኒ .....”

ድሕሪ ሓሙሽተ ደቓይቕ ታክሲ ኣብ ሆቴል ኮፕለይ-ስኩዌር ጠጠው በለት።

“ቻው ዛ’ሓፍተይ .... ንቦስተን ኣስተማቕርያ ኢኺ!!”

“የቕንየለይ” .... *ናይ ብሓቂ ድየ ከስተማቅራ ወይስ ሕማቅ ዕድል እዩ ክጓንፈኒ?* ... ንበዓል ታክሲ ሕሳባ ከፊላ ናብ ውሽጢ ሆቴል ኣተወት።

“ሰላም” በላ ተረኛ ዝጸንሐ ሪሰፕሺኒስት “እንታይ ክሰምዓኪ?”

“መደቀሲ ክፍሊ”

“ናይ ሓደ ዓራት ድዩ?”

“እወ”

“ንክንደይ መዓልታት ክትጸንሒ ኢኺ?”

ጁልያ ቅልጡፍ መልሲ ክትህብ ኣይከኣለትን። ..... *ንሰዓት ወይ ንዓሰርተ ዓመት* ... ሓሰበት። “ክንደይ መዓልታት ከም ዝጸንሕ ኣይወሰንኩን”

“ደሓን ጸገም የለን። ንዓኺ ትኸውን ሓንቲ ጽብቕቲ ክፍሊ ኣብ ራብዓይ ደርቢ ኣላ”

“የቕንየለይ”

ኣብ ዝተዋህባ ወረቐት ከይተማተኣት ጁልያ ስታንፎርድ ኢላ ንስማ ድሕሪ ምጽሓፍ ክታማ ኣንበረት።

ሪሰፕሺኒስት ፍሽኽ እንዳበለ “ሰናይ ናይ ምዝንጋዕን ዕረፍትን ግዜ ክኾነልኪ እምነየልኪ!!” ኢሉዋ መፍትሕ ናይቲ ክፍሊ ኣረከባ።

** ** **

መፍትሕ ከፊታ ናብ ኣዝያ ጽርይትን ክትርእዮም ደስ ብዘብሉ ጽፉፋት ኣቑሑት ናብ ዝመልኦት ንእሽቶ ክፍላ ኣተወት። ኣብ ሻንጣኣ ንዘሎ ንብረት ኣብ ዝግባእ ቦትኡ ድሕሪ ምቕማጥ ኣብ ጥቃ ዓራት ንዘላ ቴሌፎን ኣልዒላ ናብ ሳሊ ደወለት።

“ተመስገን!! .... ኣበይ ኢኺ’ኽ ዘለኺ?”

“ኣብ ቦስተን”

“ከመለኺ’ኽ?”

“ድሓን’የ። እንታይ ድኣ .... ኣይደሓንን ዲኺ?”

“ጁልያ ንስኺ ኣብ ዘይነበርክሉ ሓደ ዘይፈልጦ ሰብ ንዓኺ ደልዩ መጺኡ ነይሩ። ከም ዝመስለኒ ክቕትለኪ እዩ መጺኡ!!”

“እንታይ ኢኺ ትዛረቢ ዘለኺ?”

“ካራ ሒዙ ነይሩ ... ተትርእዮ መለለኽዮ ይብል፡ ምኽንያቱ ንዓኺ ጥራይ ደልዩ እዩ መጺኡ” ሳሊ ትንፋስ ከም ዝሓጸራ ቅልጥፍ ቅልጥፍ እንዳበለት ተዛረበት። “ ..... ኣምላኽ እዩ ኣድሒኑኒ!! ኣነ ዘይምኽነይ ምስ ፈለጠ ሰንቢዱ ብጉያ እዩ ካብ ገዛና ሃዲሙ ወጺኡ”

“ኣይኣምነክን!!”

“መጀመርታ ክኣቱ ከሎ ምስ ኔልሰን ዝበሃል ትካል ከም ዝሰርሕ እዩ ነጊሩኒ። ናብቲ ትካል ምስ ደወልኩ ግን ብዝሃብክዎም ስም

ዝተመዝገበ ሰራሕተኛ ከም ዘየለ ነጊሮምኒ። ጁልያ ... ዝኾነ ንዓኺ ክጎድእ ዝደሊ ሰብ ትፈልጢ ዲኺ?”

“እንታይ ዝበደልክዎ ሰብ ሃልዩ እዮ’ሞ ሳሊ ... ኣነ ብፍጹም ከምዚ ዓይነት ጸላኢ ኣሎኒ ኣይብልን እየ። ንፓሊስ’ከ ሓቢርኪ’ዶ?”

“እወ ሓቢረዮም ግን .. ብወገነይ ጥንቃቐታት ክገብር ካብ ምንጋር ሓሊፎም ዝገበርዎ ነገር የለን”

“በሊ ደሓን። እንቋዕ’ሞ ደሓን ኮንኪ። ኣነ’ውን ደሓን ኣለኹ ኣይትሻቀሊ!!”

ሳሊ ኣዕሚቓ ክተስተንፍስ ከላ ጁልያ ብቴሌፎን ሰምዓታ። “ጁልያ ... ድሓን ካብ ሃለኽስ ኣይሻቀልን’የ ግን?”

“እንታይ ሳሊ?”

“ተጠንቀቒ ሕራይ’ዶ?”

“ሕራይ”

“መዓስ ኢኺ’ከ ክትምለሲ?”

ጁልያ ርግጸኛ ኮይና ክትምልሰላ ኣይከኣለትን።

“ምስ ስድራኺ ክትላለዩ ኢልኪ ኢኺ ኬድኪ ሓቀይ?” ሓተተታ ሳሊ መልሲ ምስ ደንጎየታ።

“እወ”

“በሊ ሰናይ ዕድል!! ኣጆኺ!!”

“የቐንየለይ ሳሊ”

“ምድዋል ኣይትረስዒ ... ከይተሻቕልኒ”

“ሕራይ ክድውል’የ”

ጁልያ ቴሌፎን ዓጽያ ናብዚን ናብትን እንዳኹደደት ቀጺላ ስጉምታ እንታይ ክኸውን ከም ዘለዎ ክትሓስብ ጀመረት። .... *ቁሩብ ሓንሳል’ኳ ተዝዕደል ነይረ ብዝመጻእኩላ ኣውቶቡስ ምተመለስኩ ነይረ። ንምንታይ ከም ዝመጻእኩ ብንጹር ክበርሃለይ ኣይከኣለን ዘሎ። ንምንታይ እየ መጺአ? ኣደይ ንዝነገረትኒ ቦታታት ክርኢ? ወራሲት ክኸውን? ..... ገንዘብን ውርሻን ደልየ ኣይኮንኩን መጺአ። ምስ የሕዋተይ ክላለ። .... ኡፍ!! እንታይ ዓይነት ፍርሒ’ዩ እዚ? እንበር’ከ መወዳእቱኡ ክላለዮም እየ? .... እዚ ኩሉ ወሲነ ነዊሕ ተጓዒዘ*

መጺኦ'ም ከይረኣኽዎም ኣይምለሰን እየ!! .... ምስ ገዛእ ርእሳ ልዝብ ቀጸለት።

ኣብ ሓንሳላ ንሓድሕዶም ዝጻረሩ ሓሳባት ብምምልኣም እንታይ ከም ትገብር፡ ኣብ ሓደ ውሳነ ምብጻሕ ምስ ኣጸገማ ኣብ ጫፍ ዓራት ኮፍ ኢላ ተረጋጊኣ ክትሓስብ ጀመረት። ... *እሰኪ ሕራይ ደፊረ ተባሂለ ከይደ ተላለዮም ... እንተጸልኡኒ'ኸ? .... ግን ንምንታይ ቅድሚ ዝኾነ ከምኡ ኢለ ሕማቅ ዝሓስብ። ክፈትዉኒ እዮም ኣነ'ውን ደስ ዝብሉኒ ሰድራ ክረክብ እየ* .... ብወዝቢ ናብታ ቴሌፎን ምስ ጠመተት ኣማራጺ ዝኸውን ሓሳብ ቅጅል በላ። .... *ቅድሚ ናብኡም ምኻደይ ከድውለሎም'ዶ? ወይስ ኖኖእ ... ብቴሌፎን እንተደኣ ቀዲመ ረኺበዮም ክላለዩኒ እውን ኣይደልዩን ይኾኑ።* .... ካብ ዝተማልኣቶ ክዳውንቲ ነታ ዝበለጸት ካብ ሻንጣኣ ኣውጺኣ ክትክደን ጀመረት። .. *ሕጂ ተዘይገይረዮ ደሓር ፈጺመ ኣይገብሮን እየ* ...

ድሕሪ ፍርቂ ሰዓት ጁልያ ካብ ሆቴላ ወጺኣ ታክሲ ተሰኻለት።

"ሮዝ-ሂልስ ... የኞንየለይ!!"

** ** **

ምዕራፍ 24

ቴይለር ምእማን ስኢኑ ንክላርክ ኣፍጢጡ ጠመቶ። “ጁልያ ስታንፎርድ!! ... ኣብዚ መጺኣ’ላ?”

“እወ” ዝብል ሓጺር መልሲ ድሕሪ ምሃብ ክለርክ ብዘጋጥሙ ዘለዉ ስግንጢር ኩነታት ተደናጊሩ “እዚኣ ግን ካልእ እያ” በሎ።

“ፈሊጠየን ኣለኹ። ሓንቲ ካብተን ብዙሓት ከደናግራ ዝፍትና እያ ትኸውን”

“ከደናግራ ዝፍትና?”

“እወ ... ምስዚ ናይ ውርሻ ነገር ብዙሓት ከደናግራና ክፍትና ንጽበዮ ነገር እዩ ክላርክ”

“እዋእ!! .. ንፓሊስ’ዶ እሞ ክድውል?”

“ኖ” በሎ ቴይለር ተቐላጢፉ ብቁጡዕ ድምጺ። ፓሊስ ኣብዚ ጉዳይ ኢዶም ከእትዉ ብፍጹም ኣይደልን እዩ። “ባዕለይ ክተሓሓዛ እየ። ጥራይ የእትዋ። ኣብ ቤት-ንባብ ኣጽንሓያ፡ ክወርድ እየ”

“ሕራይ”

... እንበኣርከሰ ኣብ መወዳእትኡ እታ ሓቀኛ ጁልያ ስታንፎርድ መጺኣ። ናይ ብሓቂ ግን ዕድለኛ’የ ... ኩሎም ወጺኦም ኣብ ዘለዉሉ እዋን ምምጻኣ። ቀልጢፉ ከም ትሰወር ክገብር እየ ... ቴይለር ካብ መደቀሲ ክፍሉ ወጺኡ ናብ ቤት-ንባብ ኣምረሐ። ጁልያ ኣብ መንደቅ’ቲ ገፊሕ ቤት-ንባብ ንዝተሰቐለ ገዚፍ ስእሊ ሄሪ ስታንፎርድ ክትዕዘብ ጸንሓቶ። ቴይለር ሰላምታ ከይሃበ ሕቆኣ ሂብቶ ንዘላ ሓፍቱ ንካልኢታት ትም ኢሉ ጠመታ።

ጁልያ ምስ ተጠወየት ቅድሚ ሕጂ ብስእሊ ትፈልጦ ሰብ ረኣየት። “ሰላም”

“ሰላም”

“ቴይለር ኢኻ ሓቀይ?”

“እወ። .. ንስኺ’ኽ መን ኢኺ?”

ገጹ ጸዊጉ ዝሓተታ ሕቶ ንፍሕሸው ኣቀራረብኣ ኣቀምረሮ። “ኣይፈለጥካንን ... ? ጁልያ ስታንፎርድ እየ”

“ከምኡ ድዩ?” በላ ቴይለር እንዳባጨወ። “ኣይትሓዝለይ ደኣ ምሕታተይ እንበር መረጋገጺ ኣሎኪ’ዶ?”

“መረጋገጺ? .. እወ ግን ንዝነግረካ ዘለኹ ኣይኣመንካን ማለት ድዩ? ኣነ ደኣ ዝመጻእክሉ ....”

ቴይለር ዘረብኣ ከይወድኦት ቅርብ ኢሉ “ብምንታይ ምኽንያት’ከ ደፊርኪ ናብዚ ክትመጽኢ ኪኢልኪ?” ብምባል ሓተታ።

“ምሳኹም ዝራኸበሉ እዋን ኣኺሉ ኢለ ስለ ዝወሰንኩ እየ መጺአ”

“ድሕሪ ዕስራን-ሽዱሽተን ዓመት?”

“እወ”

ቴይለር ንኹለንተናኣን ኣዘራርባኣን ርእዩ፡ ዝኾነ ዘጠራጥር ነገር ክረኽበላ ኣይከኣለን። ሓቀኛን ሓደገኛን ብምኳና ግን ብቕልጡፍ ክትውገድ ከምዘለዋ ደጊሙ ወሰነ።

“ርግጸኛ’የ ማዕረ ክንደይ ከም ዘሰንበድክኒ ኣይጠፍኣክን ይኸውን። ኣብዚ ኔርኪ ከይተባሃልኪ ድሕሪ ክንድዚ ዝኣክል ዓመታት ሃንደበት ኣለኹ፡ ኣነ ሓፍትኻ እየ ክትብልኒ ከለኺ ...”

“ይርድኣኒ’ዩ!! .. ኣይትሓዘለይ። ኣቐዲመ ደዊለ ክሕብር ነይሩኒ”

“ናብ ቦስተን በይንኺ ዲኺ መጺኺ?”

“እወ”

“ናብዚ ከም ዝመጻእኪ ካልእ ዝፈልጥ ሰብ ኣሎ ድዩ?”

ጁልያ ንሕቶኡ ከየስተብሃለት “ኖኖእ ... ብጀካ ኣብ ካንሳስ ምሳይ ኣብ ሓደ ገዛ ትነብር መሓዛይ፡ ካልእ ዝፈልጥ የለን” ብምባል መለሰትሉ።

“ኣበይ የዕሪፍኪ ኣለኺ ጁልያ?”

“ኮፕለይ-ስኩዌር ሆቴል”

“ጽቡቕ!! .. በሊ ሕጂ ክሳብ ኣብኡ ንመጽኣኪ ናብ ሆቴልኪ ኬድኪ ኣዕርፊ። ዉዲን ካንደልን ስለዘየለው ምስ መጽኡ ብዛዕባኺ ክነግሮም እየ። ልክዕ ከምቲ ኣነ ዝሰንበድክዎን ዝተገረምክዎን ከምዝኾኑ ርግጸኛ’የ”

“ይቕሬታ ግን መጀመርታ ክድውል ነይሩኒ ...”

“ድሓን ብዙሕ ኣይትሸገሪ። ጥራይ እንቋዕ ብደሓን መጻእክና እንበር፡ ካብሕጂ ኩሉ ነገር ሰናይ ክኸውን እዩ”

“የቕንየለይ ቴይለር”

“ብወግዒ ዘይበልኩኺ ኣቕዲመ እንበር ‘እንቋዕ ደሓን መጻእኪ’ ... እ ... ታክሲ ባዕለይ ክጽወዓልኪ’የ”

ድሕሪ ሓሙሽተ ደቓይቕ ቴይለር ብቴሌፎን ዝጠለባ ታክሲ ብምምጻኡ ንጹልያ መደቀሲ ናብ ዝሓዘትሉ ሆቴል ኮፕለይ ኣሳፈራ።

** ** **

“ሃል?”

“ኣይትሓዘለይ ቴይለር ... ዝኾነ ዝረኸብክዎ ሓበሬታ የለን። ከተማ ቦስተን ዳርጋ ኩላ መሺጠያ እየ። ደሓር ኣየርፓርት ከይደ እውን ...”

“ሕጂ’ውን ኣብዚ ከተማ እያ ዘላ ኣንታ ደንቆሮ!!”

“እንታይ?”

“ኣብዚ ኣብ ቦስተን እያ ዘላ። ኣብ ኮፕልይ-ስኩዌር ሆቴል መደቀሲ ሒዛ ኣላ። ቁጽሪ ክፍላ 419 እዩ። ሎሚ ምሸት ዝነገርኩኻ ክትፍጽሞ ኣሎካ። ስማዕ ከኣ ንካልኣይ ግዜኻ ናይ ደንቆሮ ስራሕ ሰሪሕካ ክትነግረኒ ኣይደልይን እየ። ይርድኣካ ድዩ?”

“ኣብ ካንሳስ ዘጋጠመ እኮ ናተይ ጌጋ ኣይ .....”

“ዘረባ ከም ዝደጋግም ኣይትግበረኒ፡ ተረዲኡካ ድዩ?!!”

“እወ”

“በቃ ካልእ ዘረባ ከይወሰኽካ ዝተኣዘዝካዮ ግብር!!” ድሕሪ ምባል ቴይለር ቴሌፎኑ ዓጽዩ ናብ ክለርክ ኣምረሐ።

“ክለርክ ብዛዕባ’ታ መደናገሪት”

“እወ ... እንታይ እሞ ብዛዕባኣ?”

“ብዛዕባኣ ዝኾነ ኣባል ስድራና ክፈልጥ ኣይደልይን እየ። ተረዲኡካ ይኸውን ተግባራታ ንኹሎም ዘሕርቅ ስለዝኾነ ክፈልጡ እውን ኣድላዩ ኣይኮነን”

“ተረዲኣካ ኣለኹ”

** ** **

ጁልያ ኣማስያ ናብ ሆቴል ሪትዝ-ካርልቶን ክትድረር ኣተወት። ኣዲኣ ከም ዝነገረታ እቲ ሆቴል ዉቁብን ኣዝዩ ደስ ዘብልን ኮይኑ ረኸበቶ። ..... *ሰንበት ክሽውን ከሎ ነቶም ቆልዑ ሒዘዮም ይኣቱ ነይረ።* ቦታ መሪጻ ኮፍ ድሕሪ ምባል ቴይለር፡ ዉዲ፡ ካንደል ከምኡ'ውን ኣዲኣ ብሓባር ክምገቡ ከለዉ ተራእያ። ... *ብኻ ምስኦም ክዓቢ ዕድል ረኺበ ..* ኣስተማሰለት ጁልያ። .... *ደሓን ግን ንእሰነተይ ምስኦም ኣየሕልፎ ኣብ መወዳእትኡ ምስኦም ክኣርግ እዩ።* ወሲዳቶ ንዘላ ስጉምቲ፡ ኣዲኣ ብኽመይ ትርድኦ ትኽውን ኢላ ክትሓስብ ድሕሪ ምጽናሕ፡ እቲ ሎሚ ካብ ቴይለር ዝተዓዘበቶ ኣቀባብላ ተዘከራ። ... *ምስንባዱ ቅቡል ነገር እዩ። ማለት ዘይትፈልጦ ሰብ 'ኣነ ሓፍትኻ'ዮ' ኢሉ ክመጽኣካ ከሎ ቀሊል ኣይኮነን። ክጠራጠር ከኣ ግቡኡ'ዩ። ብሓቂ ሓፍቱ ምኳነይ ከኣ ብዙሕ ክይደኽመ ከረጋግጸሉ እየ።*

ተደሪራ ምስ ወድኣት ሕሳባ ክትከፍል ቅብሊታ ምስ ረኣየት ሰንበደት። .... *ዎው!! ኣየዋጽኣንን'ዩ። ክጥንቀቕ ኣሎኒ ... ተወሓደ ናይ ኣውቶቡስ መምለሲ ዝኽውን ገንዘብ ክሰእን የብለይን።*

ሕሳባ ከፊላ ካብቲ ሆቴል ምስ ወጽኣት ስግር ጽርግያ ንበጻሕትን ገያሾን ምስ ከተማ ቦስተን ንምልላይ ዑደት ትገብር ናይ ቱሪዝም ኣውቶቡስ ደው ኢላ ጸንሓታ። ኣዲኣ ኣብ ንእስነታ ንዝነበረትላ ከተማ ኣጸቢቓ ክትፈልጣ ስለዝበሃገት ተጓይያ ኣብታ ኣውቶቡስ ተሳፈረት።

** ** **

ሃል ንዝኾነ ሰብ ከየዛረበ ናብ ውሽጢ ሆቴል ኮፕለይ-ስኩዌር ድሕሪ ምእታው፡ ኣስካላ ብምጥቃም ኣብ ራብዓይ ደርቢ በጽሐ። ዝኾነ ዓይነት ጌጋ ክፍጽም ከም ዘይብሉ ይፈልጥ እዩ። ቁጽሪ ክፍሊ 419 ኣብ ማእከል ናይ ራብዓይ ደርቢ ኮሮድዮ እያ ትርከብ። ሃል ቤከር ንከባቢኡ ድሕሪ ምጽናዕ፡ ሰብ ከም ዘየለ ምስ ኣረጋገጸ መዓጾ ክፍሊ ኳሕኩሐ። ካብ ውሽጢ ዝስማዕ ድምጺ ኣይነበረን። ደጊሙ ኳሕኩሐ። "ወይዘሪት ስታንፎርድ?" ቀስ ኢሉ ናብ መዓጾ ብምቕራብ ተዳሃየ። ሕጂ'ውን መልሲ ኣይረኸበን።

ካብ ጅቡኡ ንእሽቶን ቀጣንን ሓጺን ኣውጸአ። ንማዕጾ እቲ ክፍሊ ንክኸፍቶ ዉሑዳት ካልኢታት ጥራይ ወሰደሉ። ደጊሙ ንከባቢኡ ድሕሪ ምፍታሽ፡ ናብ ውሽጢ ክፍሊ ኣተዩ ንማዕጾ ከምቲ ዝነበሮ መሊሱ ሸገጦ። ናብ መሕጸቢ ክፍሊ በጺሑ ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ሰድያ ስሒቡ ካርኡ ኣብ ሰለፉ ኣቑሚጡ መብራህቲ ኣጥፊኡ ኣብ ውሽጢ እቲ ጸላም ኮፍ ኢሉ ክጽበ ጀመረ። ድሕሪ ናይ ሓደ ሰዓት ትጽቢት ናብቲ ማዕጾ እንዳተቓረበ ዝመጽእ ድምጺ ሰምዐ።

ሃል ኮፍ ኢሉዎ ካብ ዝጸንሐ ሰድያ ተንሲኡ ኣብ ጥቓ'ቲ ማዕጾ ዝርከብ መንደቕ ተጸጊዑ ተዳለወ። መፍትሕ ኣብ መዓጾ ኣትዩ ሽጋጥ ማዕጾ ክኽፈት ሰምዐ። ማዕጾ ቀስ ኢሉ ተኸፍተ። ሃል፡ ካራ ንዝሓዘ ኢዱ ንላዕሊ ብምግባር ንክወግእ ተዳለወ። ጁልያ መዓጾ ድሕሪ ምኽፋታ ሓንቲ ስጉምቲ ሰጉማ ኣብ ጥቃ መንደቕ ማዕጾ ንዘላ መወልዒ መብራህቲ ጠወቕታ። ሃል መብራህቲ ክፍሊ ክውላዕን "እተዉ በሉ!!" ዝብል ድምጺ ክሰምዕን ሓደ ኮኖ።

ብዝሑም ብርግጽ ክፈልጦ ዘይከኣለ ጋዜጠኛታት ከኣ ተመራሪሑም ደድሕሪ ጁልያ ናብቲ ክፍል ኣተዉ።

** ** **

ምዕራፍ 25

ጁልያ ህይወታ ክድሕን ዝኽኣለ ሳላ ጎርደን-ዌልማን እዩ። ጎርደን ናይ ምሸት ተረኛ ማናጀር ሆቴል ኮፐለይ-ስኩዌር ኮይኑ ንስርሑ ምስ ኣተወ፡ ከም ልማዱ ንዝወዓለ መዝገብ ናይቲ ሆቴል ክፍትሽ እንከሎ እዩ ጁልያ ስታንፎርድ ዝብል ስም ዘንበበ። ክኣምን ስለ ዘይከኣለ ደጋጊሙ ነቲ ስም ኣንበቦ። ድሕሪ ሞት ሄሪ ስታንፎርድ ጋዜጣታት ብዛዕባ ስድርኡን ሃብቱን ብዙሕ ብምጽሓፈን ካብ ሮዝሜሪ ነልሰን እትበሃል ኣላይት ቆልዑ እትውለድ ጁልያ ዝስማ ጓል ከም ዘላ ይፈልጥ ጸኒሑ እዩ። ኣብ ውሩያት ሰባት ልዑል ተገዳስነት ስለዘለዎ፡ እዛ ጁልያ ትበሃል ሰብ ቅድሚ ቅሩብ መዓልታት ኣብ ቦስተን ምንባራን ክቡራት ክዳውንትን ዕንቁታትን ክትዕድግ ከም ዝተራእየትን ብድሕሪኡ ግን ናብ ደቡብ ኣሜሪካ ከም ዝገሸትን'ኳ ካብ ዘንብቦም ጋዜጣታት ፈሊጡ ተነበረ፡ ኣብ መዝገብ ዝሰርሓሉ ሆቴል ስማ ሰፊሩ ምስ ረኣየ ግን ካብ ዝገሸቶ ተመሊሳ ክትከውን ኣለዋ ብምባል ሓሰበ። *... እሞ ድማ ኣብዚ ሆቴል'ያ የዕሪፉ ዘላ!! ኣብዚ ከም ዘላ እንተ ደኣ ተፈሊጡ ንሰም እዚ ሆቴል ሓጋዚ እዩ .... ሓሰበ* ጎርደን-ዌልመን ንክርእያ ምሒር እንዳተሃንጠየ። *... ጋዜጠኛታት ክጽውዖም ኣለኒ .....*

** ** **

ኣዝያ ዘስተማቀረቶን ዝፈተውቶን ዑደት ከተማ ቦስተን ዛዚማ ናብ ሆቴል ኮፐለይ ምስ ተመልሰት ክጽበይዋ ዝጸንሑ ብዙሓት ጋዜጣኛታት ህሩግ በሉዋ። ከይተረድኣ ብዓንኬል ጋዜጠኛታት ተኸበበት።

"ወይዘሪት ስታንፎርድ!! ... ካብ ቦስተን ግሎብ ጋዜጣ እየ። እንቋዕ ብደሓን ተመለስኪ .... ብዛዕባ መገሻኺ'ዶ ክትነግርና ... ?"

ካሜራ ትቕዳሕ ከም ዘላ ኣስተብሃለት። "ወይዘሪት ስታንፎርድ ... ካብ መደበር ቴሌቭዥን WCVB እየ። ዝኾነ ትብልዮ ነገር እንተሎ ...."

“ወይዘሪት ስታንፎርድ ... ካብ ቦስተን-ፎነክስ ጋዜጣ እየ። ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመ ኩነታት ርእይቶኺ’ዶ ክትህብና?”

“ናብዚ ጠምቲ ወይዘሪት ስታንፎርድ!! ... ፍሸኽታ!! ... የቕንየለይ!!”

ናይ ካሜራ ብልጭታት የሚንታ ደጉሕዎ።

ፍጹም ዘይተጸበየቶ ነገር ብምንባሩ፡ ትገብሮን ትብሎን ጠፊኡዋ ኣብ ዘላቶ ደው በለት። .... *እዚ ነገር ተፈላጥነትን ሃብትን ንኽረክብ ኢለ ዝመጻእኩ ከምሰለኒ እዩ* .... ሓሰበት። “ኣይትሓዙለይ .. ዝኾነ ዝብለኩም ነገር የብለይን”

ጁልያ ነቶም ጋዜጠኛታት ፈናጺጋ ሊፍት ክትድይብ ንቅድሚት ገጻ ክትስጉም ጀመረት። ብሙሉኣቶም ጋዜጠኛታት ተስፋ ብዘይምቑራጽ ደድሕሪኣ ሰዓቡ።

“ወይዘሪት ስታንፎርድ ... ፒፕል መጋዚን ብዛዕባ ታሪኽ ህይወትኪ ክጽሕፍ ደልዩ ኣሎ”

“ናብ ደቡብ ኣሜሪካ ኬድኪ ምንባርኪ ሰሚዕና ኔርና ...”

“ንመጻኢ ኣብ ቦስተን ዲኺ ክትነብሪ ትደልዪ?”

“ንምንታይ ደኣ ኣብ ክንዲ ሮዝ-ሂልስ ኣቲኺ ምስ የሕዋትኪ ትኾኒ ኣብ ሆቴል ትሓድሪ ኣለኺ ... ?”

ራብዓይ ደርቢ ምስ በጽሐት ምፍናው ኣብዮማ ምስ ዘለዉ ጋዜጣኛታት ካብ ሊፍት ወረደት። ከም ዝተዓዘበቶም ገለ ነገር ከይረኸቡ ዝሓድግዋ ኮይኑ ስለዘይተሰምዓ መሪሓቶም ናብ መደቀሲ ክፍላ ገጻ ሰጎመት።

ጁልያ መፍትሕ ድሕሪ ምውጻእ መዓጾ ክፍላ ከፈተት። መብራህቲ ወልዐት። “እተዉ በሉ!!”

ብድሕሪ ዝተኸፍተ መዓጾ ዝጸንሐ ሃል ብምሒር ስንባደ ካራ ንዝሓዘ ኢዱ ከየውረደ ንካልኢታት ደሪቁ ተረፈ። ቀልጢፉ ናብ ውኒኡ ተመሊሱ ንካርኡ ናብ ጃኬቱ የእትዩ ምስቶም ናብቲ ክፍሊ ዝኣትዉ ዝነበሩ ጋዜጣኛታት ተመሳሲሉ እንዳተዳፈአ ካብቲ ክፍሊ ወጽአ።

ጁልያ ኮፍ ድሕሪ ምባል “ሕራይ ሕጂ ህድእ ኢልኩም በብሓደ እንተሓቲትኩም ንሕቶኹም ክምልሰልኩም ይኽእል እየ” በለቶም።

ሃል የእዳዉ እንዳንፈጥፈጦ ካብቲ ቦታ ብቅልጡፍ ተሰወረ። ጁልያ ንዝቐጸላ ሰላሳ ደቓይቕ ንዝቐረቡላ ሕቶታት ብዝተኻእላ መጠን ክትምልስን መብርሂ ክትህብን ኣሕለፈተን። ኣብ መወዳእታ ኩሎም ጋዜጠኛታት ብዝረኸብዎ ሓበሬታ ብተዛማዲ ብምዕጋቦም ሓዲጎማ ወጽኡ።

** ** **

ንጽባሒታ ንግሆ መደበራት ቴሌቭዥን ኣብ ፈነውኣን ከምኡ'ውን ጋዜጣታት ኣርእስተን ብዛዕባ ጁልያ ስታንፍርድ ኮነ። ቴይለር ኣብ ጋዜጣ ተሓቲሙ ንዝወጽኣ ጽሑፍ ምስ ኣንበቦ ብፍርሒ የእዳዉ ከንፈጥፍጣ ጀመራ። ዉዲን ካንደልን ቁርሲ ንኽበልዑ ነቲ ብሕርቃን ዝገብሮን ዝኾኖን ጠፊእዎ ጋዜጣ ከንብብ ዝጸንሐ ሓዎም ተጸንበርዎ።

"እንታይ እዩ እዚ ብዛዕባ ሓንቲ ጁልያ እየ በሃሊት ዝተጻሕፈን ዝዝረብን ዘሎ?" ዉዲ ሰድያ ስሒቡ ኮፍ ድሕሪ ምባል ሓተቶ።

"ካብዘን መደናገርቲ'ያ" ቴይለር ተቐላጢፉ መለሰ። "ትማሊ ኣብ ዘይነበርክሙሉ ናብዚ መጺኣ ገንዘብ ሓቲታትኒ ነይራ። ኣነ ግን ከይሃብክዋ ሰጉጌያ። ጋዜጠኛታት ጸዊዓ ከምዚ ክትገብር እያ ኢለ ግን ኣይገመትክዋን። ደሓን ባዕለይ ክተሓሓዛ እየ" በሎም ከም ዝሓረቐ ንኽይፈልጥዎ እንዳተጠንቀቀ።

** ** **

ቴይለር ናብ ፊትዝግራልድ ደወለ። "ናይ ሎሚ ጋዜጣታት'ዶ ኣንቢብካ?"

"እወ"

"እዛ ንፍዕቲ ኣምሰሉ ኣብዚ ከተማ እንዳዞረት ሓፍትና ምኺና ትነግር ኣላ"

"ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ትኣቱ ክገብራ ትደሊ ዲኻ?" ፊትዝግራልድ ሓተቶ።

"ኖኖእ! ከምኡስ ኣየድልን'ዩ። ነቶም ደለይቲ ወረ ዝኾኑ ማዕከናት ዜና ከኣ ዝገደደ መፍቶ ከይከውን። ጥራይ ካብዛ ከተማ ከም ትወጽእ ግበር"

"ሕራይ ... ከምኡ ክገብር እየ"

“የቐንየለይ”

** ** **

ፊትዝግራልድ ናብ መሳርሕቱ ስቲቭ ደዊሉ ናብ ቤት-ጽሕፈቱ ንኽመጽእ ሓበሮ። ስቲቭ ከም ዝተባህሎ ምስ መጸ ፊትዝግራልድ “ጸገም ኣጓኒፉ’ሎ” ብምባል ኮፍ ንኽብል ኣመልከተሉ።

“ፈሊጠ” በሎ ስቲቭ ርእሱ እንዳነቕነቐ። “ንግሆ ዜና ተኸታቲለ ነይረ ብጀክኡ እውን ኣብ ናይ ሎሚ ጋዜጣታት ተሓቲሙ ንዝወጸ ኣንቢበዮ ኣለኹ። እንታወይቲ’ያ ግን?”

“መን ደኣ ክትኸውን ... ይብልዓለይ እዩ ኢላ ኣብ ዝተተስፈወቶ ሃብቲ ቀርና ክትተክል ዝደለየት መደናገሪት እንበር መን ኢልካ ትግምት? ቴይለር ካብዚ ከተማ ብቅልጡፍ ከም እትወጽእ ክንገብራ ስራሕ ሂቡና ኣሎ። እንታይ ይመስለካ ... ንስኻ ክትገብሮ ትኽእል ዲኻ?”

“ባህ እንዳበለኒ” በሎ ስቲቭ ፍሽኽ እንዳበለ።

** ** **

ድሕሪ ሓደ ሰዓት ስቲቭ ኣብ ክፍሊ 419 በጺሑ ማዕጾ ኳሕኩሐ። ጁልያ ማዕጾ ምስ ከፈተት ቅድሚ ሕጂ ርእያቶ ዘይትፈልጥ ሰብ ኣብ ኣፍ ደገ ደው ኢሉ ረኣየት።

“ኣይትሓዘለይ ... ተወሰኽቲ ጋዜጠኛታት ክቐበል ፍቓደኛ ኣይኮንኩን ..”

“ጋዜጠኛ ኣይኮንኩን። ክኣቱ ፍቓድኪ ድዩ?”

“መን ኢኻ እሞ መጀመርታ?”

“ስቲቭ ይበሃል። ምስ ሄሪ ስታንፍርድ ናይ ጥብቅና ውዕል ምስ ዝኸተመ ትካል እየ ዝሰርሕ”

“ኣሃ!! .. ኣይትሓዘለይ ጋዜጠኛ መሲልካኒ’ኮ እየ። ሕራይ እቶ”

ስቲቭ ናብቲ ክፍሊ ኣተወ።

“ጋዜጠኛታት ጁልያ ስታንፎርድ ምኻንኪ ስለ ዝነገርክዮም ድዮም መጺኦሙኺ?”

“ኖኖእ … ኣነ’ውን ብኽመይ ከም ዝረኽቡኒ ኣይፈለጥኩን። ዝነገርክዎ ሰብ ስለዘይነበረ ብፍጹም ዘይተጸበኽዎ ነገር እዩ ነይሩ ደሓር ከኣ …”

“ኣይትጸበዮ እንበር ነዞም ጋዜጠኛታት ጓሉ ንሄሪ ስታንፎርድ እየ ኢኺ ኢልክዮም!!”

“እወ ኢለዮም!! … ሕጅ’ስ ጓሉ እንድየ!!”

ስቲቭ ገጹ ኣሲሩ ኣቶኩሩ ጠመታ። “ክትኮኒ ትኽእሊ ኢኺ … ግን መርትዖ ወይ መረጋገጺ ኣሎኪ ድዩ?”

“ከመይ ማለትካ’ዩ መረጋገጺ?” ቀስ ኢላ ሓተተቶ። “ሒዘዮ ዝመጻእኩ መረጋገጺ የለን”

“ጓሉ እየ ክትብሊ ከለኺ ገለ ንቃልኪ ዘረጋግጸልኪ መርትዖ ክህልወኪ ኣለዎ”

“እሞ ኣነ ዝሓዝክዎ የብለይን ይብለካ ኣለኹ … ትደልይዎ መረጋገጺ ምሳይ የለን”

ስቲቭ ነገራታ ኣገሪምዎ ኣቶኪሩ ጠመታ። ክርድኡ ብዘይከኣለ መልክዑ ቃላታ ቅንዕናኣ ዝገልጹሉ ዘለዉ ኮይኑ ተሰምየ። … *መስተውዓሊት ትመስል። እንታይ ደኣ ኮይና ግን ከም ሓንቲ ደንቆሮ፡ ዝኾነ መረጋገጺ ከይሓዘት ጓል ሄሪ ስታንፎርድ እየ ኢላ ትመጽእ? …* ሓሰበ ስቲቭ።

“ከምኡ እንተኾይኑ ናይ ብሓቂ ሕማቅ ኣለኺ!! ቴይለር ካብዛ ከተማ ብቕልጡፍ ክትወጽኢ ደልዩ ኣሎ። ምስ ዘይትሰማምዒ እንታይ ከስዕበኪ ከም ዝኽእል ኣይጠፍኣክን ይኸውን”

“እንታይ?” ሰንበደት ጆልያ።

“ሰሚዕክኒ’ለኺ”

“ግን ንምንታይ …. ክርድኣኒ ኣይከኣለን። ፍጹም ንዘይተላለኽዎም ሓወይን ሓፍተይን ከይረኽብክዎም ክኸደሉ ድዩ ደልዩ?”

…. *ገና’ባ ዝሓሰበቶ ኣለዎ …* “ስምዕኒ እዛ ሓፍተይ … መን ምኳንኪ ከምኡ’ውን እንታይ ክትኽስቢ ኢልኪ ከም ዝመጻእኪ ኣይፈልጥን’የ። እንተኾነ ብምድንጋር ገበን ተኸሲስኪ ክትእሰሪ ትኽእሊ ኢኺ። ካብ ከምኡ ግን ብኣግኡ ኣማራጺ ንህበኪ ኣለና። ትገብርዮ ዘለኺ ካብ ሕጊ

ወጻኢ ምኽኑ ዝተረድኣኪ ኣይመስለንን። እቲ ምርጫ ናትኪ እዩ .... ወይ ካብዛ ከተማ ወጺእኪ ነዞም ስድራ ሰላም ሃብዮም ተዘይኮነ ከኣ ናብ ቤት ማእሰቲ ክትኣትዊ ኢኺ ... እቲ ውሳኔ ናትኪ እዩ!!"

"ክእሰር? ...." ጁልያ ንብዓት ቁጽርጽር ክብላ ጀመረ።

"እቲ ውሳኔ ናትኪ'ዩ ... ኣማራጺ ንህበኪ ኣለና"

"ነዛ ንሓንሳብ ድዮም ንገጸይ ክርእዩ ዘይደልዩ?" ሓተተት ተስፋ ናይ ምቑራጽ ስምዒት ክስመዓ እንዳጀመረ።

"እወ"

ዓሚቕ ትንፋስ ኣስተንፈሰት። "ጽቡቕ .. ከምኡ እንተኾይኑ ድሌቶም ናብ ካንሳስ ክምለስ እየ። ካብሕጂ ንደሓር ካባይ ዝኾነ ነገር ከም ዘይሰምዑ ንገረለይ ኢኻ" በለቶ ንብዓት ቁጽርጽር ብዘበላ የዒንታ እንዳጠመተቶ።

.. *ንክፍኣት ኢልኪ ካብ ካንሳስ ዝኣክል ሩሑቕ ቦታ ኢኺ መጺእኪ ኣንበኣር ...* ሓሰበ ስቲቭ።

"ጽቡቕ ውሳኔ'ዩ" በላ ካብ ኮፍ ዝበለሉ እንዳተንሰአ። "እሞ ሰላም መንገዲ"

** ** **

ስቲቭ ናብ ቤት-ጽሕፈት ፊትዝግራልድ ተመልሰ።

"ኢሂ ስቲቭ! .. ረኺብካያ'ዶ?"

"እወ ረኺቢያ ... ንገዝኣ ትምለስ ኣላ" ስቲቭ ዝን በለ።

"ጽቡቕ .. ቴይለር ደዊለ ክነግሮ እየ። ከም ዝሕጎስ ርግጸኛ'የ"

"እንድዒ ግን ... ገለ ዕረፍቲ ክህበኒ ዘይከኣለ ነገር ኣሎ"

"እንታይ?" ሓተቶ ፊትዝግራልድ።

"እቲ ከልቢ ኣይነብሐን!"

"እንታይ ክትብል ከም ዝደለኻ ኣይተረድኣኒን"

"ናይ ሼርሎክ-ሆልምስ ዛንታ ትፈልጦ እንዲኻ ሓቀይ?" ሓተቶ ስቲቭ፡ ቀጺሉ ብዝነግሮ ነገር ከይስንብድ እንዳሰግኣ።

"እወ ... ግን ምስዚ ጉዳይ እንታይ ዘተኣሳስር ኣለዎ?"

"ልክዕ ከምቲ ዛንታ እዩ። እዛ ሰብ ንመንነታ መረጋገጺ ይኾኑኒ እዮም ትብሎም ነገራት እኳ ሒዛ ክትመጽእ ኣይተገደሰትን"

“እሞ ስቲቨ ... ከም ዝመስለኒ ብዘይ መርትዖ ምምጻእ መደናገሪት ምኽና’ዩ ዘርእየካ”

“ብኻልእ ሽነኹ እሞ ንርኣዮ ... ክትሓስቦ ከለኻ እዛ ጓል ካብ ካንሳስ ዝኣክል ርሑቅ ቦታ ጓል ሄሪ ስታንፎርድ ምኽና ንኽትነግር ብዘይ መረጋገጺ ክትመጽእ ከላ ንምንታይ ምኽንያት ኢያ ኢልካ ትሓስብ?”

“ስቲቨ፡ ኣብዛ ዓለም ጽሉላት እኮ ኣይወሓዳን”

“ንሳ ግን ጽልልቲ ኣይኮነትን። ንክትኣምን ባዕልካ ክትርእያ ነይሩካ። እዚ ጥራይ ግን ዘይኮነ ካልእ ተወሰኽቲ ነገራት እውን ባህ ኣይበሉንን ዘለዉ”

“ከም ምንታይ ዓይነት ነገራት?” ሓተቶ ፊትዝግራልድ።

“ሬሳ ሄሪ ኣብዚ ኣትዩ ከይተባህለ ተሰዊሩ። ነቲ ሓደጋ ብዓይኑ ዝረኣየ እንኮ ሰብ፡ ዲሚትሪ እውን ክዘራርቦ ደልየ ቦታ ቀይሩ ጸኒሑኒ። ... ካልእ ከኣ እታ ናይ መጀመርታ ጁልያ ብልክዕ ኣበይ ከም ዘላ ዝፈልጥ ሰብ የለን”

ፊትዝግራልድ ገጹ ኣሲሩ ንስቲቨ ክጥምቶ ጀመረ። “ኣብ መውዳእታ እሞ እንታይ ክትብል ኢኻ ደሊኻ?”

“ገለ መግለጺ ዘድልዮ ሕቡእ ምስጢር ኣሎ። ነዛ ጓል ንኻልኣይ ግዜ ረኺበ ከዘራርባ እየ” ምስ በሎ ተሰናቢትዎ ካብቲ ቤት-ጽሕፈት ወጽኡ።

** ** **

ስቲቨ ናብ ሆቴል ኮፕለይ-ስኩዌር ተመሊሱ ተረኛ ናብ ዝጸንሑ ሪሰፕሺኒስት ገጹ ኣምረሐ።

“ናብ ወይዘሪት ጁልያ መልእኽቲ’ዶ ክትገብረለይ?”

“ኣይትሓዘለይ ... ወይዘሪት ጁልያ መፍትሕ ኣረኪባትና ወጺኣ ኣላ”

“ዝገደፈቶ ኣድራሻ ኣሎ ድዩ?”

ሪሰፕሺኒስት ርእሱ ብኣሉታ ነቕነቐ። “ኣይገደፈትን”

ስቲቨ ፍሽለት ክስምዖ እንዳጀመረ እንታይ ከም ዝገብር ሓርቢትዎ .... *ምናልባት ኣውን ተጋግየ ኣየ ዝሽውን* ... ብምባል ሓሰበ። ... *ምናልባት’ውን ናይ ብሓቂ መደናገሪት ክትሽውን ትኽእል’ያ። ግን ኦሮማይ፡ ነቲ ሓቂ ከረጋግጸሉ ዝኽእል መንገዲ ደኒም*

ኣይክህልውን እዩ። ተጠውዩ ካብቲ ሆቴል ወጽአ። ኣብ ኣፍ ደገ መእተዊ እቲ ሆቴል ኣሳሳይ ኣጋይሽ ብዕድመ ንዝደፍኡ ሰብኣይን ሰበይትን ታክሲ ጠጠው ኣቢሉ ከስቅሎም ከሎ ተዓዘበ።

“ሰላም” በሎ ስቲቭ ናብኡ ገጹ ቀሪቡ።

“ሰላም .. ታኽሲ ደሊኻ?”

“ኖኖእ ... ሓደ ሕቶ ክሓተካ ደልየ ነይረ። ወይዘሪት ጁልያ ስታንፎርድ ካብ ሆቴል ክትወጽእ ከላ ርኢኻ’ያ ኔርካ?”

“እወ!! .. ኣይ ኩሉ ሰብ እንድዩ ዝጥምታ ነይሩ ግዲ። ተፈላጥነት ከምኡ’ዩ!! ባዕለይ እየ ታክሲ ጠጠው ኣቢለ ኣሳፊረ ዘፋነኽዋ”

“ናበይ ከም ዘበለት ግን ትፈልጥ ኣይመስለንን ሓቀይ?”

“እፈልጥ እንበር!! ... ነቲ በዓል ታክሲ እኮ ባዕለይ እየ ናበይ ከም ዝወስዳ ዝሓበርክዎ”

“ናበይ ኢልካዮ?”

“ናብ ግረይሃውንድ መዓርፎ ኣውቶቡስ ... ግን እቲ ዝገረመኒ ሃብታማትን ውሩያትን ሰባት ናብ ከምኡ ዝኣመሰለ ቦታ’ዶ ይኸዱ እዮም?”

“ኣነ’ውን ታክሲ ምደለኹ!! ጸውዓለይ’ባ”

** ** **

ስቲቭ ንጁልያ ከለልያ እንዳፈተነ ናብቶም ኣውቶቡስ ዝጽበዩ ዘለው ህዝቢ ገጹ ሰጎመ። ተሰሪዖም ንዝጸንሕዎ ሰባት ብሙልኡም’ኳ ተርኣዮም ንጁልያ ክረኽባ ግን ኣይከኣለን። ... *ከይዳ ማለት’ዩ* ... ስቲቭ ተስፋ ክቆርጽ ጀመረ። መጉልሒ ድምጺ ናይቲ መዓርፎ ኣውቶቡስ .. “ናብ ከተማ ካንሳስ ትጓዓዙ ተገልገልቲ” ዝብል ድምጺ ኣቃለሐ። ስቲቭ ክትብገስ ትብሃል ናብ ዘላ ኣውቶቡስ ገጹ ጎየየ።

ኣጋጣሚ ናብታ ኣውቶቡስ ክትድይብ ሓደ እግራ ምስ ሰቀለት ረኣያ።

“ጁልያ ሓንሳብ!!” ዓው ኢሉ ተዳሃየ።

ድምጺ ናብ ዝሰምዓትሉ መኣዝን ጠመተት።

ስቲቭ እንዳጎየየ ናብኣ ገጹ ቀረበ። “ከዛረበኪ ደልየ ኣለኹ”

ጁልያ ገጻ ጸዊጋ ጠመተቶ። “ንዘራረበሉ ነገር የለን” ሓንቲ ኣስካላ ናብ ውሽጢ እታ ኣውቶቡስ ገጻ ደየበት።

ስቲቭ ብኢዳ ሓዛ። “በጃኺ!! ሓንሳብ ጽንሒ!! ... ክዘራርበኪ ዝደልዮ ኣዝዩ ኣገዳሲ ጉዳይ ኣሎኒ”

“ኣውቶቡስ ትብገስ እያ ዘላ መስለኒ ... ግዜ የብለይን!!”

“ካልእ ኣውቶቡስ ኣላ”

“ሻንጣይ ኣብዚኣ ኣውቶቡስ እዩ ዘሎ ሕደገኒ ክኸይድ”

ስቲቭ ንኣይታንቲ ኣውቶቡስ ኢዱ ብምውዝዋዝ ምልክት ገበረሉ። “እዛ ጓል ክትሓርስ’ያ። ሻንጣኣ ቀልጢፍካ ኣውጽኣላ! ቀልጥፍ!”

“እንታይ ትገብር ከም ዘለኻ ይርድኣካ ኣሎ ድዩ?” ጁልያ ብተግባራቱ ተቆጢዓ ዓይና ኣፍጢጣ ሓተተቶ።

“እንድዒ!! ... ፍቓደኛ እንተኾይንኪ ግን ካባኺ እቲ መልሲ ክረኽቦ እየ”

ተርባጽን ተግባርን ስቲቭ ኣስደሚምዋ ንኣይታንቲ ኣውቶቡስ ኣየናይ ሻንጣ ናታ ምኻኑ ብኢዳ ኣመልከተትሉ።

“ኣምቡላንስ ክጽውዕ ኣድላይ ድዩ?” ሓተታ ኣይታንቲ እንዳተሻቀለ ንሰንጣኣ ድሕሪ ምውጻእ።

“ደሓን’የ ... የቐንየለይ” መለሰትሉ ጁልያ።

ስቲቭ ንሻንጣኣ ጸይሩ “ንምኻኑ ቁርሲ ቆሪስኪ ዲኺ?” ብምባል ሓተታ።

“ኣይጠመኹን” መለሰትሉ ብትሑት ድምጺ።

“ገለ ነገር እሞ ክትበልዒ ኣሎኪ ... ካልኣይ ነገር ነብሰ-ጾር ስለዝኾንኪ መግቢ ንዓኺ ጥራይ ኣይኮንክን ዘድልየኪ ... ተረዲእክኒ?!” በላ ስቲቭ ፍሽኽ እንዳበለ።

** ** **

ናብ ቤት-ቁርሲ ምስ ኣተዉ ጁልያ ገና ሕርቃና ስለ ዘይዘሓለላ፡ ሰድያ ብሓይሊ ብምስሓብ ኣብ ቅድሚኡ ኮፍ በለት። ዝበልዕዎ መግቢ ምስ ኣዘዙ ስቲቭ “ብዛዕባ ሓደ ጉዳይ ከረጋግጽ’የ ደልየ። ... ግን ክሓተኪ ንምንታይ ኢኺ ናብዚ ክትመጽኢ ከለኺ መረጋገጺ

ክኾኑኒ ይኽእሉ እዮም ዝበልክዮም ነገራት ሒዝኪ ዘይመጻእኪ?” ብምባል ሓተታ።

“ንገንዘብን ሃብትን ኢለ ኣይኮንኩን መጺአ። መሲሉኒ ኣሕዋተይን ሓፍተይን ክላለዮም ብሂገ፡ እንተ ንሳቶም ግን ድሌት ከም ዘይብሎም ኣርእዮምኒ ኣለዉ ...”

“ንመረጋገጺ ዝጠቕሙኺ ወረቓቕቲ ይኹኑ ካልኦት ነገራት ፍጹም የብልክን?” ስቲቭ ተጸዊጉ ንዘሎ ገጻ እንዳጠመተ ተሰኪፉ ሓተታ።

ኣብ ካንሳስ ንዝሓደገቶም ስእልታትን ናይ ጋዜጣታት ቁርጽራጽን ዘከረት። “የብለይን!!”

“ድሓን ምሳይ ክትከዲ እንዲኺ .... ሓደ ክተዘራርብዮ ዝደልየኪ ሰብ ኣሎኒ”

** ** **

“ፊትዝግራልድ ይበሃል” ስቲቭ ምስ መሳርሕቱ ኣላለያ።

“ጁልያ ስታንፎርድ”

“ኮፍ በሊ!!” ፊትዝግራልድ ንሌላ ዝሃበቶ ስም እንዳጠራጠሮ ኮፍ ንኽትብል ኣመልከተላ።

ናይ ሄረ ስታንፎርድ የዒንቲ ኣለዋ ግን ከኣ በዚ’ዶ ክኣምና ኮይነ ... ሓሰበ ፊትዝግራልድ ብውሽጡ ቅድሚ ዘረባ ምጅማሩ ከጽንዓ እንዳፈተነ። “ጓል ሮዝሜሪ ኔልሰን እየ ዲኺ ትብሊ ዘለኺ?”

“ይብል ጥራይ ኣይኮንኩን ዘለኹ ... ኣደይ ሮዝሜሪ ኔልሰን እያ። ክንደይ ሻዕ እየ ክዛረብ?”

“ሕራይ ደሓን ... ኣበይ ኣላ ኣዴኺ?”

“ብህይወት የላን”

“ብጣዕሚ ይሓዝን። ብዛዕባኣ ገለ ነገር’ዶ ምነገርክና?”

“ኣይነግረካን እየ” ነደረት ጁልያ “ንምንታይ ኢለ’የ ዝነግረካ?” ካብ ኮፍ ዝበለትሉ ተንሰኣት። “ንኽምዚ ተኾይኑ ዝመጻእኩሉ ጉዳይ ክኸይድ እየ”

“ስምዕኒ’ሞ ... ሓቀኛ እንተኾይንኪ ክንሕግዘኪ ስለ ዝደለና ኢና ንሓተኪ ዘለና” በላ ስቲቭ።

ጁልያ ተጠውያ ጠመተቶ። “ክትሕግዘኒ ኢኻ ትደሊ? .... ስድራይ ግን ንዓይ ክርእዩ ድሌት የብሎምን። ስለዚ ሓገዝካ ናብ ፓሊስ ክተረክበኒ እንተኾይኑ ንስለ ተገዳስነትካ የቕንየለይ” ናብ ማዕጾ እቲ ቤት-ጽሕፈት ገጻ ክትስጉም ጀመረት።

“ጽንሒ ሓንሳብ!! ናይ ብሓቂ ከምቲ ትብልዮ ጓሉ እንተኾይንኪ ገለ መረጋገጺ ናይ ግድን ኣሎኪ”

“ነጊረካ እኮ መስለኒ፡ የብለይን!!” በለቶ ጁልያ ቁጥዕ ኢላ። “ደሓር ከኣ ኣነን ኣደይን ንሄሪ ካብ ህይወትና ሓኺኽና ካብ ንጉሕፎ ብዙሕ ዓመታት ስለዘቑጸርና መርትዖ እንዳበልካ ኣይትደጋግመለይ?”

“ደሓን ሕራይ ኣነ ግን ንኣዴኺ ስለዝፈልጣ እንታይ ከም ትመስል እስከ ንገርኒ” በላ ፊትዝግራልድ።

“ኣደይ ጽብቕቲ እያ” መለሰት ጁልያ ድምጻ ክልስልስ እንዳጀመረ። “ተፈታዊት ....” ሓደ ነገር ዘኪራ ዘረብኣ ኣመንገወት። “ረሲዐዮ ጸኒሐ ... ስእላ እባ ምሳይ ሒዘዮ ኣለኹ” ድሕሪ ምባል ኣብ ክሳዳ ንዘንጠልጠለቶ ብቅርጺ ልቢ ዝተሰርሐ ናይ ወርቂ ካቴና ኣውጺኣ ንፊትዝግራልድ ኣረከበቶ።

ቀስ ጌሩ ምስ ከፈቶ ኣብ ሓደ ወገን ስእሊ ሄሪ ኣብቲ ካልኣይ ወገን ከኣ ስእሊ ሮዝሜሪ ኔልሰን ተመልከተ። ፊትዝግራልድ ነቲ ካቴና ምስ ገልበጦ ኣብ ጫፉ ብደቂቕ ዝተቐርጸ To R.N with Love H.S ዝብል ጽሑፍ ኣንበበ።

ፊትዝግራልድ ምእማኑ ስኢኑ ነተን ደቀቕቲ ስእልታት ክጥምት ካልኢታት ኣሕለፈ። “ኣይትሓዝልና .... ናይ ብሓቂ ኣይትሓዝልና!” በላ ስቲቭ ንብዓት ቁጽርጽር ብዘበላ የሚንቱ እንዳጠመታ።

“እዚኣ እያ እታ ሓቀኛ ጁልያ ስታንፎርድ”

** ** **

ምዕራፍ 26

ካንደል፡ ዉዲ ሓዋ ብዝገብሮ ተግባራት ቅሳነት ክትረክብ ኣይከኣለትን። ፔጊ ንበይና ተቓሊሳ ተምጽኡ ለውጢ ክህሉ'ዩ ኢላ ትም ኢላ ክትጽበ ኣይከኣለትን። ... *ንሱ'ውን ብዝተኻኣሎ መጠን ይጸዕር'ዩ ዘሎ ... ካብ ልቢይ እየ ዝፈትዎ ካንደል ... እንዳነበዐት ንዝነገረታ ዘከረት።*

ተወሳኺ ሓገዝ ግድን ክረክብ ኣለዎ ... ሓሰበት ካንደል። ... ገለ ነገር ክገብር ኣሎኒ። ሓወይ እንድዩ! እንዳፈለጥኩ ከም ምስጢር ጸይረዮ ሱቕ ክብል እም የብለይን። ክዛረቦ ኣሎኒ .....

ካንደል ንክለርክ ክትረክብ ካብ መደቀሲ ክፍላ ወጽኣት።

"ኣቶ ዉድሮው ገዛ ድዩ ዘሎ?" ሓተተቶ ምስ ረኽበቶ።

"እወ .. ኣብ መደቀሲ ክፍሉ እዩ ዝህሉ ... ኣብኡ ርኢኽዮ ዲኺ?"

"ኣይረኣኽዎን .. ደሓን ሕጂ ክኽዶ'የ"

ናብ መደቀሲ ክፍሊ ዉዲ ደይባ መዓጾ ኳሕኩሐት። ደጋጊማ ተተዳሃየት መልሲ ክትረክብ ግን ኣይከኣለትን። ብምጽዋዕ ምስ ረብረበት ንመዓጾ እንተፈተነቶ ክፉት ስለዝጸንሐ ናብ መደቀሲኡ ኣተወት። ኣፍንጫኣ ዝስርስር ሕማቅ ሽታ ሃንጎፍ በላ። ኣፍንጫኣ ዓቢሳ ኣብ ውሽጢ እቲ ክፍሊ ናብ ዝርከብ መሕጸቢ ኣካላት ሰጎመት። ዉዲ ሓዋ ከም ዘሎ ቁሩብ ተፈንቲቱ ብዘሎ መዓጾ ረኣየት። ጸዓጻ ዝሕብሩ ሓሩጭ መሰል ኣብ ሻሂ ማንካ ገይሩ ንማንካ ብላይተር ብምርሳን ነቲ ሓሺሽ ምኺኑ ዘይተጠራጠረትሉ እንዳትከኽ ካብኡ ንዝወጽእ ትኪ ኣብ ኣፉ ብዝነበረ ትቦ ጌሩ ናብ ውሽጢ ሳንቡኡ ክስሕቦ እንከሎን ተዓዘበቶ።

ተጻዊራቶ ትም ኢላ ክትዕዘብ ኣይከኣለትን። "ዉዲ .. እንታይ ትገ .. ?" ውዲ ድንብርጽ ከይበሎ ንሓፍቱ ጠሚቱ ፍሽኽ በለ።

"ከመይ ሲስተር!" ኢልዋ ቆላሕትኡ ክስሕቦ ናብ ዝጸንሐ ሄሮይን መለሰ።

"በጃኻ ኢለካ ግደፍ!!"

“ሄይ!! .. ተረጋግኢ። እዚ ዝገብሮ ዘለኹ እንታይ ከም ዝበሃል ትፈልጢ’ዶ? ‘ሃድን ተመን’ እዩ ዝበሃል። ትርእዮ ኣለኺ እዚ ትኪ ካብዚ ማንካ ከም ተመን ተጠዋውዩ ክትንስእ ከሎ?” ዉዲ ክርትም ኢሉ ሰሓቀ።

“ዉዲ በጃኻ ስምዓኒ ,,, ከዘራርበካ ደልየ ኢለ መጺአ”

“ሕራይ ሲስተር .. እንታይ ነይሩ ክሰምዓኪ? ርግጸኛ’የ ናይ ገንዘብ ጸገም ከም ዘይኮነ .. ኩላትና ቢልዮነራት እንዲና!! እንታይ እዩ ክሳዕ ክንድዚ ዘጨናንቐኪ ዘሎ? ጸሓይ ደሚቕ ወጺኣ ኣላ!! ደስ ዘብል መዓልቲ እዩ ... ነዓይ ከም ዝረኣየኒ ዘሎ ማለተይ እየ” ዉዲ የዒንቱ ከፍጥጥ ጀመረ።

ካንደል ንካልኢታት መልሲ ከይሃበት ኩነታቱ ኣጽነዐት። “ስማዕ ዉዲ ... ንፔጊ ከዘራርባ ተገዲደ ነይረ። ሆስፒታል ካብ ዝኣተኻሉ ጀሚርካ ሓሺሽ ክትወስድ ከም ዝጀመርካ ነጊራትኒ”

ርእሱ ብኣወንታ ነቕነቐ። “እወ ሲስተር!! ኣይተጋገኽን። ክገርመኪ እቲ ሓደጋ ኣብ ህይወተይ ካብ ዘጋጠሙኒ ዘሕጉሱ ፍጻሜታት እዩ ... ኣው! ሞት ኣቦይ ከይረሳዕኩ ማለተይ እየ”

“ኣይትጋገ ዉዲ .. እቲ ዝኸፍአ ነገር እንበር። ንህይወትካ እንታይ ትገብራ ከም ዘለኻ ኣይረኣየካን ድዩ ዘሎ?!!”

“ይነብር ኣለኹ”

“ዉዲ .. በጃኻ ሓገዝ የድልየካ ኣሎ” ካንደል ቀሪባ ንኢዱ ሓዘቶ።

“ንዓይ? ... ሓገዝ ዝበሃል ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣየድልየንን እዩ። ጽቡቕ ኣለኹ!!”

“ጽቡቕ የለኻን ዉዲ ... ስምዓኒ’ሞ ዝዛረበካ ዘለኹ፡ ቀሊል ነገር ኣይኮነን። ብዛዕባ ህይወትካ’ዩ ... ብዛዕባ ናይ ውልቅኻ ህይወት ጥራይ ዘይኮነ ብዛዕባ ፔጊ ከኣ ሕሰብ። ብሰንክኻ ትሳቀ እያ ዘላ። ኩሉ ነገር ተጻዊራ ምሳኻ ዘላትሉ ምኽንያት ከእ ኣዝያ ስለ ትፈትወካ እዩ። በጃኻ ዉዲ .. ንህይወትካ ጥራይ ኣይኮንካን ተዕኑ ዘለኻ፡ ንህይወት ፔጊ’ውን ኢኻ። እቲ ነገር ገና ከይበኣሰ እንከሎ ሕጂ ብኣግኡ ገለ ነገር ክትገብር ኣሎካ። ንምንታይ ጀሚርካ ኣይኮነን ዘገድስ ኣብ መወዳእትኡ ካብዚ ሕማቅ ወልፊ ነጻ ምኻንካ እዩ”

ፍሸኽታ ክረኣዮ ዝጸንሐ ገጹ ብሓንሳብ ተጸወገ። “ካንደል … ?”

“ኣቤት?”

“ጽቡቕ ነገር ከም ዝተዛረብኪ ይርድኣኒ’ዩ። ኣነ’ውን ካብዚ ማእሰርቲ ክወጽእ’ዩ ድልየተይ። ፈቲኒ’የ ካንደል!! ኣምላኽ ምስክረይ እዩ ዝዓቕመይ ፈቲነ እንተኾነ ክዕወት ኣይከኣልኩን”

“ዉዲ ተስፋ ኣይትቑረጽ … ክትዕወት ትኽእል ኢኻ” በለቶ ትርር ኢላ ንሓዋ ሞራል ክትህቦ ብምሕሳብ። “ትሰምዓኒ ኣለኻ ኩላትና ክንሕግዘካ ኢና። ዘይትድሕነሉ ምኽንያት የለን ኣነን ፔጊን እውን ኩሉሳዕ ኣብ ጎድንኻ ኮይና ክንሕግዘካ ኢና። መንዩ’ከ ነቲ ሄሮይን ዘምጽኣልካ ዘሎ?”

ዉዲ ናይ ሓፍቱ ሕቶ ኣስደሚምዎ የዒንቱ ኣፍጢጡ ጠመታ። “ብማርያም ኢለኪ!! ኣይትፈልጥን ኢኺ?”

ካንደል ርእሳ ብምንቕናቕ ኣሉታ መለሰት። “ኣይፈልጥን’የ”

“ፔጊ ባዕላ”

** ** **

ምዕራፍ 27

ፊትዝግራልድ ናይ ልቢ ቅርጺ ንዘለዋ ካብ ወርቂ ዝተሰርሐት ናይ ክሳድ ካቴና ደጋጊሙ ክጥምታ ጸንሐ።

“ንኣዴኺ ይፈልጣ እየ ጁልያ። ርሕርሕትን ክትቀርባ ባህ ተብለካን ዓይነት ሰብ’ያ። ምስ ደቂ ሄሪ ዝነበራ ምቅርራብ ከኣ ኣዝዩ ድልዱል’ዩ ነይሩ። ንሳቶም እውን ከም ኣዲኦም እዮም ዘኽብሩዋ ነይሮም”

“ንሳ’ውን ትፈትዎም’ያ ነይራ” በለቶ ጁልያ ብህድእ ዝበለ ድምጺ ኣዲኣ እንዳተዘከረታ። “ብዛዕብኦም ኩሉ ሻዕ እያ ተዕልለኒ ነይራ”

“ንኣዴኺ ዘጋጠማ ነገር ኣዝዩ ዘሕዝን እዩ። ግዳይ ዘይሓዊ ሕሜታን ወረን ክትከውን ምኻና ይርድኣኒ ነይሩ። ልክዕ እዩ ሄሪ ጽቡቕ ኣይገበረን። ሮዝሜሪ እውን በቲ ዘጋጠመ ፍጻሜ ንዝተነዝሐ ወረታት ክትጻወሮ ብዘይምኽኣላ ዝገበረቶ ነገር ኣማራጺ ዘይብሉ እዩ ነይሩ” ፊትዝግራልድ ሸዑ ንዝነበረ ኩነታት ዘኪሩ ርእሱ ነቕነቐ። “ህይወት ንኽልቴኹም በዳሂት ነይራ ትኸውን”

“ልክዕ ኣለኻ። ኣደይ ብፍላይ ብዙሕ ተሳቕያን ተሸቁሪራን እያ፡ ግና ንሄሪ ክሳብ መወዳእታ ህይወታ ትጸልኦ ኣይነበረትን” ኢላ ድሕሪ ምምላሽ ንስቲቭ ጠሚታ “ዘይተረድኣኒ ነገር ግን .. ንምንታይ እዮም ንዓይ ክረኽቡ ዘይደልዩ ዘለዉ?” ብምባል ሓተተቶ።

ክልቲኦም ንሓድሕዶም ተጠማመቱ። “ደሓን ከረድኣኪ ክፍትን እየ” በላ ስቲቭ ቀጺሉ ንዝዛረቦም ቃላት ተጠንቂቑ እንዳመረጸ። “ቅድሚ ቁሩብ ሰሙናት ይኸውን ሓንቲ ጁልያ ስታንፎርድ እየ በሃሊት መጺኣ ነይራ”

“ከመይ ገይሩ?” ሓተተት ጁልያ “ማለት ኣነ እንድየ …”

“ተረዲአኪ’ለኹ” በላ ስቲቭ ንጁልያ ዘረብኣ ከይወድአት ብኢዱ ምልክት ገይሩ ድሕሪ ምኹላፍ። “ደቂ ሄሪ ስታንፎርድ ከኣ እታ ዝመጽአት ጓል፡ ብሓቂ ከምቲ ትብሎ ዘላ ጁልያ ስታንፎርድ ምኻና ንምርግጋጽ ናይ ውልቂ መርማሪ ቆጺሮም ነይሮም”

“እሞ’ኸ … ጁልያ ዘይምኻና ኣረጋጊጹሎም’ዶ?”

“ኖኖእ ... በንጻሩ እንበር እታ ሓቀኛ ጁልያ ስታንፎርድ ንሳ ምኻና ኣረጋጊጹሎም”

ኣገላልጽኡ ኣገሪምዋ ኣቶኩራ ጠመተቶ። “ብኸመይ?”

“መርማሪ ጁልያ ስታንፎርድ ጓል ዓሰርተ-ሸውዓተ ዓመት እንከላ፡ ኣብ ከተማ ሳንፍራንሲስኮ መምርሒ ፍቃድ መኪና ንኽተውጽእ ዝገበረቶም ኣሰር ኣጻብዕቲ ረኺበ ብምባል፡ ምስታ ዝመጽኣት ጓል ኣነጻጺርዎ። ኣብ ቅድሚ ኩሎም ስድራ ከኣ እታ ጓል ብሓቂ ጁልያ ስታንፎርድ ምኳና ኣረጋጊጹሎም”

“እዋእ ... ከመይ ኢሉ?” ጁልያ ኣስደመማ። “ናብ ግዝኣት ኢንድያና እሞ ድማ ሳንፍራንሲስኮ ብፍጹም እኳ ከይደ ዘይፈልጥ!”

“ጁልያ ... ሓደ ዓቢ ውዲት ተፈጺሙ ከምዘሎ ሕጂ ተረዲኡና ኣሎ። እዚ ከኣ ንሃብቲ ሄሪ ንምውራስ ተባሂሉ ዝተሃንደስ ክኸውን ኣለዎ። ከም ዝመስለኒ እንተኾይኑ ንስኺ እውን ከይተረድኣክን ከይፈለጥክን ግዳይ ናይዚ ውዲት ኮይንኪ ኣለኺ ማለት እዩ” በላ ፊትዝግራልድ።

“ኣይኣምነካንየ!!”

“ርግጸኛ’የ እየ ጁልያ። መን ስቴርሶ ናይዚ ውዲት ሒዙ’ሎ ብዘየገድስ፡ ክልተ ጁልያ ስታንፎርድ ንክህልዋ ግን ኣየፍቅድን እዩ”

“ስለዚ ከምቲ ዝሓሰቦ ክኸደሉ እንተኾይኑ ቅድም ንዓኺ ብምእላይ ሰላም ክረክብ ኣለዎ ማለት እዩ” በላ ስቲቭ ኣስዒቡ።

“ ‘ንዓኺ ብምእላይ?’ ከመይ ማለትካ’ዩ ...” ጁልያ ሳሊ ደዊላ ንዝነገረታ ዘከረት። “ኦ ጎይታይ!!”

“እንታይ ደኣ ኮይንኪ?” ሓተታ ፊትዝግራድ።

“ብቕድሚ ትማሊ ምሸት መዳቕስተይ ደዊላትለይ ነይራ። ናብዚ ምስ መጻእኩ ብድሕረይ ሓደ ሰብኣይ ካራ ሒዙ ናብ መደቀሲ ኣፓርታማና ብምምጻእ ክቀትላ ፈቲኑ ምንባሩ ነጊራትኒ። ሕጂ ክርእዮ ከለኹ ግን ከምቲ ዝበልኩሞ እንተኾይኑ እቲ ሰብኣይ፡ ከምታ ዝነገረትኒ ንዓይ እንበር ንዓኣ ደልዩ ከም ዘይመጸ በሪሁለይ” ጁልያ ዝተጋህደላ ሓቅነት ኣሰንቢድዋ ህርመት ልባ ክውስኽ ጀመረ። “መን .. መን ከምዚ ዓይነት ጨካን ነገር ክገብር ይኽእል?”

“ከም ግምተይ ሓደ ካብ ደቂ ስታንፎርድ ክኸውን ኣለዎ” መለሰ ስቲቭ።

“ንምንታይ?”

“ስስዐ ክኸውን ይኽእል … ንውርሻ ቀሪቡ ዘሎ መጠን ሃብቲ ቢልዮናት ምስ ምኻኑ፡ ከምዚ ዓይነት ነገር ክስዕብ ዘደንጹ ኣይኮነን። ካልኣይ ነገር ከኣ፡ ምስ ምቕራብ ናይ ቤት-ፍርዲ መረጋገጺ ዝወሃበሉ መዓልቲ፡ ኣብዚ ናይ መወዳእታ ሰዓት ናትኪ ህልውና ክህሉ ኣየፍቅድን እዩ”

“ምስቲ ገንዘብን ውርሻን እንታይ ዘራኽብ ሃልዩኒ እዩ እሞ ንዓይ ክሳዕ ክንድዚ ዝጭክነለይ? ኣቦይ እንተኾነ ንዓይ ከም ፍጥርቲ ኣብዛ ምድሪ ምህላወይ ኣይፈልጥን እዩ ነይሩ። ሳንቲም እውን ንዘይገድፈለይ ንምንታይ ከምዚ ይሓስቡለይ?”

“ሓደ ዘይፈለጥክዮ ነገር እንተሎ … እንተደኣ ብሕጋዊ መስርሕ መንነትኪ ተረጋጊጹ ካብ ሃብቲ ኣቦኺ ትወርስዮ ልዕሊ ሓደ ቢልዮን ዶላር ኣሎኪ”

ጁልያ ዱቦላ ኮይንዋ ፈዚዛ ተረፈት። “ሓደ ቢልዮን ዶላር?!!”

“እወ። ከም ናተይ ግምት ከኣ ንብጽሒትኪ ዝደሊ ኣባል ስድራ ስለ ዘሎ ኢኺ ኣብ ጸገም ወዲቅኪ ዘለኺ”

ጁልያ ኩሉ ነገር ክንጽረላ ምስ ጀመረ ኣስደሚምዋ ርእሳ ኣነቓነቐት። “ሕጂ ክርድኣኒ ጀሚሩ” ንኽልቲኣም ጠመተቶም። “እንታይ ክገብር ኣሎኒ?” ሓተተቶም ፍርሓት እንዳተሰምዓ።

“እንታይ ክትገብሪ ከም ዘይብልኪ ክነግረኪ …. ኣብ ዝኾነ ሆቴል ኣቲኺ መደቀሲ ክፍሊ ኣይትሓዚ። ክሳዕ እዚ ጉዳይ መዕለቢኡ ዝፍለጥን መን ይኣልሞ ከምዘሎ ነረጋግጽን ህልውናኺ ክፍለጥ የብሉን”

“ክሳብ ዝኾነ ዝኸውን ናብ ካንሳስ ተመሊሰ ….”

“ኣብዚ ኣብ ቦስተን ተትጸንሒ ይሓይሽ ይብል። መሕብኢ ቦታ ክንረኽበልኪ ንኽእል ኢና” በላ ፊትዝግራድ።

“ክሳብ ሽዑ ኣብ ገዛይ ክትጸንሒ ትኽእሊ ኢኺ” ስቲቭ ሓሳቡ ኣቕረበ። “ኣብ ገዛይ ትህሉ እያ ኢሉ ዝጥርጥር ሰብ ኣይክህሉን እዩ”

ክልቲኦም ናብ ጁልያ ስታንፎርድ ጠመቱ።

እንታይ ክትገብር ከም ዘለዋ ንኽትሓስብ ካልኢታት ኣሕለፈት። መወዳእትኡ ብዝቐረበላ ሓሳብ ከም ትሰማማዕ ርእሳ ብምንቕናቕ ንስቲቭ ገለጸትሉ።

“ጽቡቕ!!” በላ ስቲቭ እንዳተሓጎሰ።

“እዚ ኩሉ ነገር ኣቦይ ካብ መርከቡ ጸዲፉ ተዘይመውት ነይሩ ኣይመጋጠመን ነይሩ” በለት ጁልያ ብትሑት ድምጺ።

“ሓደጋ’ዶ ትብልዮ ጁልያ? ኣይመስለንን። ጥርጣረይ ካብ መርከቡ ተደፊኡ ክኸውን ኣለዎ በሃላይ እየ”

** ** **

ዝኾነ ሰብ ከይርእዮም ብምባል ሰራሕተኛታት ቤት-ጽሕፈት ጥራይ ዝጥቀሙሉ ሊፍት ተጠቒሞም ብምውራድ ኣብ ታሕተዋይ ደርቢ ናይቲ ዓቢ ህንጻ ናብ ዝርከብ መዕሸጊ መካይን ኣምርሑ።

“ዝኾነ ሰብ ክርእየኪ ኣይደልይን እየ” በላ ስቲቭ “ንዝቐጽላ ቅሩብ መዓልታት ካብ ዓይኒ ክትክወሊ ኣሎኪ”

ብመኪንኡ ብጎደና ስቴት ኣቢሎም ንማእከል ከተማ ቦስተን ገጾም ኣምርሑ።

“እንተተመሳሕና ከመይ ይመስለኪ?”

“ኩሉሻዕ ክተጽግበኒ ኢኻ ትደሊ መስለኒ?” በለቶ ፍሽኽ ኢላ ናብኡ እንዳጠመተት።

“ሓንቲ ዝፈልጣ ሬስቶራንት ኣላ። ናይ ቀደም ስለዝኾነት ብዙሕ ከስግኡና ዝኽእሉ ሓሰውቲ ዝኣትዉዋ ኣይመስለንን”

** ** **

ለ’ኤስፓሊየር ኣብ ከተማ ቦስተን ካብ ዝርከቡ ነዊሕ ዓመታት ዘቁጸሩ ሬስቶራንት ኮይኑ ውሽጣዊ ይኹን ደጋዊ ገጽትኡ ኣዝዩ ሰሓቢን ክትምገበሉ ባህ ዘብልን እዩ። ስቲቭን ጁልያን ተተሓሒዞም ምስ ኣተዉ ማናጀር ናይቲ ሬስቶራንት ብምዉቅ ሰላምታን ፍሕሽው ገጽን ተቀበሎም።

“ሰላም ከመይ ትውዕሉ ... ምሳይ’ዶ ምሰዓብኩም፡ እንዳተመገብኩም ንደጋዊ ጽባቐ ተድንቁሉ ንዓኹም ዝኸውን ግርም ቦታ’ሎ”

“እ .. ደሓን” በሎ ስቲቭ “ዝከኣል እንተኾይኑ ኣብ ጸግዒ መንደቅ ተዝኾነልና ደስ ምበለና”

ማናጀር ተገሪሙ ጠመቶም። “ምስዚ ኩሉ ክተስተማቕርዎን ክትርእይዎን ትኽእሉ ጽባቐስ ኣብ ጸግዒ መንደቅ?”

“እወ .. ብሒትና ክነዕልል ስለዝደለና ኢና”

“ሕራይ” ኢልዎም ኣብ ኩርናዕ መንደቅ ናብ ዝነብረት ዘይተትሓዘት ቦታ መርሖም። “ትሰምዓኩም ኣሳሳይት ቀልጢፈ ክሰደልኩም እየ” ኢልዎም ብግስ ምስ በለ፡ እንደገና ተጠውዩ ክጥምቶም ጀመረ። “ኣው!! ወይዘሪት ስታንፎርድ!! ... ንቤት-መግብና መሪጽኪ ናብዚ ብምምጻእኪ ልዑል ኣኽብሮት እዩ ዝስመዓና። ንዓኺ ብምእንጋድና ብጣዕሚ ሕጉሳት ኢና። ስእልኺ ኣብ ጋዜጣ ወጺኡ ርኤዮ ነይረ”

ጁልያ እንታይ ኢላ ከም ትምልሰሉ ጠፊእዋ ሓግዘኒ ብዘምስል ኣጠማምታ ንስቲቭ ረኣየቶ።

ስቲቭ ድምጹ ዓው ኣቢሉ ንጁልያ እንዳጠመተ “ኣው!! .. ነቶም ቆልዑ ኣብ መኪና ረሲዕናዮም!! እንታይ ይበሃል እዚ .. ንኺድ ነምጽኣዮም?” ምስ በላ ኣብ ቅድሚኣም ደው ኢሉ ናብ ዘሎ ማናጀር ሬስቶራንት ጠሚቱ “ክልተ ማርቲኒ ዝስተ፡ .. ክንምለስ ኢና” ብምባል ኣዘዘ።

“ሕራይ ጎይታይ” ማናጀር ክልቲኣም ተታሓሒዞም ብቕልጡፍ ካብቲ ሬስቶራንት ክወጽኡ ከለው ተዓዘበ።

“እንታይ ኢና ንገብር ዘለና?” ሓተተት ጁልያ፡ እንታይ ሓሲቡ ስቲቭ ከምኡ ገይሩ እንዳደንጸዋ።

“ንሃድም!! ... ምናልባት ማናጀር እንተ ደኣ ንስም እቲ ሬስቶራንት ከጸውዕ ክብል ንጋዜጠኛታት ደዊሉሎም ኣብ ሓደጋ ክንወድቅ ኢና። ኣብ ካልእ ቦታ ንኺድ”

** ** **

ኣብ ጎደና ዳልቶን ኣብ እትርከብ ንእስ ዝበለት ቤት መግቢ ኣትዮም ምሳሕ ኣዘዙ። ስቲቭ ኮፍ ኢሉ ክጥምታ ድሕሪ ምጽናሕ “ፍሉጥ ሰብ ምኻን ትፈትዊ’ዶ?” ብምባል ሓተታ።

“በጃኻ ኣይትላገጸለይ!! … ኣብ ምንታዩ እየ እሞ ክፈትዎ?” ብመልክዕ ሕቶ መለሰትሉ።

“ንሱስ ሓቅኺ ኢኺ” በላ ስቲቭ ብቅንዕና። ቀስ ብቀስ ጽቡቕ ክረዳድኡ ምጅማሮም ምስ ኣስተብሃለ መደቀሲ ኣብ ዝሓዘትሉ ሆቴል ከይዱ ንዘውጸአን ዘይግቡኣት ቃላት ዘከረ።

“ብሓቂ ግን ንሓደጋ ዝተቓላዕኩ ኮይነ’ዶ ይስማዓካ ኣቶ ስሎኣን?” ሓተተት ጁልያ።

“ስቲቭ ኢልኪ ጸውዕኒ … ናይ ሕቶኺ መልሲ እንተኾይኑ ከኣ እወ ንሓደጋ ተቓሊዕኪ ኢኺ ዘለኺ፡ ግን ከምኡ ክብለኪ ከለኹ ክትሻቀሊ ኢለ ኣይኮንኩን። ኣብ ቀረባ መዓልታት ኩሉ ነገር መዕለቢ ክረክብ እዩ። ብቤት-ፍርዲ ዝውሰን ውርሻ ንኽፍጸም ዘፍቅድ ብይን ኣብ ቀረባ መዓልታት ምስ ተዋህበ መን ነዚ ውዲት ይፍጽሞ ምንባሩ ክኽሻሕ እዩ። ክሳዕ ሽዑ ግን ናተይ ሓላፍነት ብኽመይ ንስኺ ብሰላም ትጸንሒ ምውሓስ እዩ”

“የቐንየለይ ስቲቭ … ብልቢ’የ ዘመስግነካ”

ክልቲኣም ዓይኒ ንዓይኒ ክጠማመቱ ጀመሩ። ዝተኣዘዘ ሒዙ ናብኣቶም ገጹ ዝመጽእ ዝነበረ ኣሳሳይ ኩነታቶም ምስ ተዓዘበ ክርብሾም ስለዘይደለይ መኣዝኑ ቀይሩ ንድሕሪት ተመልሰ።

** ** **

ስቲቭ ኣቃልብኡ ቅድሚኡ ካብ ዘሎ ጽርግያ ከይኣለየ መኪንኡ ይዝውር ኣሎ። “ናብ ቦስተን ንመጀመርታ ግዜኺ ዲኺ ትመጺ ዘለኺ?” ሓተታ ኣብ ጎድኑ ኮፍ ኢላ ንዘላ ጁልያ።

“እወ”

“ምጭውቲ ከተማ እያ”

ኣብ ከተማ ቦስተን ነዊሕ ዓመታት ካብ ዝገበሩን ኣለዉ ካብ ዝበሃሉን ህንጻታት ዝኾነ ህንጻ ጆን-ሓንኮክ በጺሖም ኣለዉ። ስቲቭ ናብቲ ዓቢ ሰማይ ጠቀስ ህንጻ እንዳመልከተ “ኣብ ላዕሊ እቲ ህንጻ

ንዘሎ መብራህታት ትርእዮ’ዶ ኣለኺ?” ብምባል ሓተታ ስቴርሶ መኪናኡ እንዳተቆጻጸረ።

ጁልያ ናብ ቅድሚት ቤትሮ መኪና ቀሪባ ንላዕለዋይ ጫፍ እቲ ህንጻ እንዳተመልከተት “እወ” ብምባል መለሰትሉ።

“ኩነታት ኣየር እዩ ዝሕብር”

“ብኽመይ ደኣ መብራህታት ኩነታት ....”

“ጽቡቕ እንቋዕ ሓተትክኒ። ኣብ ጫፍ ዘሎ መብራህቲ ሰማያዊ እንተተወሊዑ ኩነታት ኣየር ርጉእን ጽሩይን እዩ ዘሎ ማለት’ዩ። ውልዕ ጥፍእ ዝብል ሰማያዊ ሕብሪ እንተደኣ ይውላዕ ኣሎ ደበና ክመጽእ እዩ ኢልና ኢና ንጽበ። ርጉእ ቀይሕ መብራህቲ እንተተወሊዑ ከኣ ዝናብ ክሃርም እዩ ማለት’ዩ። እንተ ውልዕ ጥፍእ ዝብል ቀይሕ መብራህቲ ኣሎ ከኣ በረድ ክወርድ እዩ ማለት እዩ” ፍሽኽታ ኣሰንዩ ገለጸላ።

ጁልያ ሓበሬታ ኩነታት ኣየር ብኽመይ ከም ዝፈልጡ ምስ ገለጸላ ሰሓቀት።

ኣብ ቢንቶ ሃርቫርድ ምስ በጽሑ ስቲቭ ፍጥነት መኪንኡ ቀኒሱ ክዝውር ጀመረ።

“እዚ ትርእዮ ዘለኺ ቢንቶ ምስ ካንብሪጅ ዩንቨሪስቲ እዩ ዘራኽበኪ። ንውሓት እዚ ቢንቶ ክነግረኪ ... ልክዕ ሰለስተ ሚእቲን ሱሳን ኣርባዕተን ነጥቢ ኣርባዕተ ስሙትኹ ምስ ሓንቲ እዝኒ ወሰኽ እዩ ዝኸውን”

ቅድሚ ሕጂ ፈጺማ ሰሚዓቶ ዘይትፈልጥ መለክዒ ንውሓት ብምንባሩ ተገሪማ ጠመተቶ። “ክንደይ ኢልካ?”

ስቲቭ ፍሽኽ በለ። “ገሪሙኪ ሙሽ?! ... ሓቀይ እየ”

“እንታይ እዩ’ኽ ስሙትኹ?”

“ስሙትኹ መዐቀኒ ንውሓት እዩ። ካበይ መጹኡ እቲ ስም ይመስለኪ .. ሓደ ኦሊቨር ሪድ-ስሙትኹ ዝብሃል ቁመቱ 170.18 ኣቢሉ ዝበጽሕ ሰብኣይ ነይሩ። እዚ ሰብኣይ ፈለማ እዚ ድልድል ይስረሓሉ ኣብ ዝነበረ እዋን ንንውሓት ብቁመቱ እንዳዓቀነ ምልክታት ክገብር ምስ ጀመረ፡ ዳርጋ ዝተቀበሎ ሰብ ኣይነበረን። ምስ ግዜ ግን እቲ ንሱ ዝሓንጸጾ ምልክታት ከይተደምሰሰ ንነዊሕ ግዜ’ውን

ስለዝቀጸለ ካብ 1958 ጀሚሩ ወግዓዊ መለክዒ ኮይኑ ክስርሓሉ ጀሚሩ”

“ዕድለኛ’ዩ። ስሙ’ኳ ክዝከር ይነብር ኣሎ!!” በለቶ ጁልያ እንዳሰሓቐት።

** ** **

መንበሪ ገዛ ስቲቭ ኣብ ጎደና ኒውበሪ እዩ ዝርከብ። በዓል ክልተ ደርቢ ገዝኡ ብኣዝዮም ምቹኣት ፈርኒቸራትን ዉቁባት ናይ ቅብኣ ስእልታትን ዝማዕረገ እዩ።

“ንበይንኻ ኢኻ ትነብር?” ሓተተቶ ጁልያ።

“እወ ... ንጽሬት ኣብ ሰሙን ክልተ ሻዕ ትመጽእ ሰራሕተኛ ኣላ። ዝኾነ ሰብ ክርእየኪ ስለዘይደሊ ዕረፍቲ ንኽትወስድ ክነግራ እየ”

“በዚ ኩሉ ትገብረለይ ዘላኻ ሰናይ ተግባር ብሓቂ እየ ዘመስግነካ”

“ስክፍቲ ኣይትኹኒ!! ... ኣነ’ውን ነዚ ክገብር ከለኹ ብሕልናይ ዕጉበ’የ። ሕጂ ንዕናይ ንመደቀሲ’ኺ ከርእየኪ” ኢልዋ ብኢዳ ሒዙ ኣስካላ ብምድያብ ናብ ክፍሊ መደቀሲ ኣጋይሽ ኣተወ። “በሊ እዚ መደቀሲኺ እዩ። ተስፋ ይገብር ምቹእ ኮይኑ ክትረኽብዮ”

“ፈተዮ!! ብሓቂ ምቹእ’ዩ”

“ድራርና ክምለስ ከለኹ ተማሊአ ክመጽእ እየ። ዝበዝሐ እዋን ኣብ ደገ ስለዝበልዕ ...”

“እሞ ኣነ ...” ዘረብኣ ከይዛዘመት ሳሊ ንዝበለታ ዘከረት። “ደሓን ዝሓሰብክዎ ተዘይገበርኩ ይሓይሽ ... መዳቅስተይ ሳሊ ሓቃ እያ ክትእግደኒ። ዝኸሸንክዎ መግቢ ሰብ ይቀትል እዩ” በለቶ ፍሽኽታ ሓዊሳ።

“ደሓን ኣነ መግቢ ምድላው ኣይስእንን’የ። ንነዊሕ እዋን መግቢ ኣዳልየ ጋቢዘ ስለዘይፈልጥ ናፊቀዮ ኣለኹ” በላ። .... *እንታይ ማለትካ’ዩ? እንታይ ትሓስብ ኣለኻ .. መስመርካ ኣይትስሓት ንምንታይ ከም ዝመጻት* .... ዘውጸአን ቃላት ከም ካልእ ከይትርድኣን ብምስግኡ ምስ ነብሱ ክላዘብ ጀመረ።

“ከም ገዛኺ ረኣዮ። ካብሕጂ ዝኾነ ዘስግኣኪ ነገር የለን” በላ ኣስዕብ ኣቢሉ።

ጁልያ ለውሃቱ ገሪምዋ ትም ኢላ ጠመተቶ። “የቐንየለይ ስቲቭ”

ናብ ታሕተዋይ ደርቢ ወሪዶም ሳሎን ኣተዉ።

“ቴሌቭሽን፡ ቪ.ሲ.ኣር፡ ሬድዮ እነሀዋልኪ፡ እዚኣ ከኣ ሲዲ-ፕለየር .... እንዳተዘናጋዕኪ ጽንሕኒ” በላ።

“ኣጆኻ ኣይክጽምወንን እዩ። ናይ ብሓቂ እየ ተሓጉሰ ዘለኹ” ምስ በለቶ ብውሽጢ ልባ *‘ከምዚ ምሳኻ ከለኹ ዝሰመዓኒ ዓይነት ሓጎስ’* በለት።

“እሞ ... ካልእ ዝኾነ ዝረሳዕክዎ ነገር እንተ’ልዩ ....”

“ዝጎደለ ነገር የለን” ዓይኒ ዓይኑ ክትጥምቶ ጀመረት።

“በሊ ኣነ ናብቲ ቤት-ጽሕፈት ክምለስ። ብዙሕ ዘይተመለሱ ሕቶታት እዮም ዘለዉኒ”

ስቲቭ ማዕጾ ከፊቱ ክወጽእ እንዳበለ ተዳሃየቶ።

ተጠውዩ ጠመታ። “ኣቤት?”

“ንመዳቐስተይ ሳሊ ክድውለላ ጸገም የብሉን ሓቀይ? ብጣዕሚ ተሻቂላ እያ ትህሉ”

“ኖኖእ ... ናብ ዝኾነ ሰብ ቴሌፎን ክትድውሊ ወይን ዝተደወለ ክተልዕሊ ኣይደልይን እየ። ንህይወትኪ ኣስጋኢ ክኸውን ይኽእል እዩ” ዝብል መልሲ ሂቡዋ ካብ ገዝኡ ወጸ።

** ** **